
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ. 291 | ሓሙስ 6 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3


ተዛማድነት ቁጠባዊ ልምዓትን ባህልን

ገጽ 4
ስዑማ ሕድያ ህዝቢታት

ገጽ 10
ኽኢላ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት...

ገጽ 11
ሃገራዊ ፌደረሽን ስልጠናናይ ደያኑ ሂቡ


# ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ንተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕ/መ/ኣመሪካ ሰሚናር ኣካዪዱ






ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ንተሳተፍቲ መበል 52 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ዘተኮረ ሰሚናር፡ ኣቶ የሱፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሳላ'ቲ ኣብ ነዊሕ ናይ ቃልሲ ዓመታት ዝሃነጾ ሓድነትን ዘሰሰኮሶ ክብሪታትን፡ ነዊሕ ናይ ተጻብኦታትን መኸተን መድረኻት ሓሊፉ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ ከም ወጻኢ - ኤርትራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ሰላም ንምዕቃብን ጸጥታ ንምስፋንን ኣጉዲሲ ተራ ክትጻወት ብቑዕት ዘለዋ ሓይሊ ሰላም ኮይና ከምዝካ ኣስሚሩሉ።

ኣቶ የሱፍ ወሲኹ፡ ምስ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ተሃዋሲ ዓለማዊ ኩነታትን ዘይርጉእነት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ብምዝማድ፡ ኣብ ቅድመና ዘለዉ ብደሃይታት ቀለልቲ'ኳ እንተዘይኮኑ፡ ዝጨበጥናዮም ዓወታት ዓቒብናን ዘለዉና ዕድላት ኣጎልቢትናን፡ ኤርትራ ብልዑል ተሳትፎ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝነብር ህዝባ ንቕድሚት ክትሰጉም ዘኽእላ ኩነታት ተፈጢሩ ከምዘሎ፡ ዝ. ብዝበለጸ ዘተኣማምን ንምምዕባሉ ድማ ሃገራዊ ሓድነትና ክሐይልድል፡ ቁጠባና ክሐሓይሽ፡ ኩለንትናዊ ተሳትፎ ዜጋታት ክዕዝዝ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ሞያውን ቁጠባውን ኣበርክቶኦም ክሐይሉ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብተሳትፎ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታትን መሓዙት ኤርትራን፡ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 3 ነሓሰ ኣብ ከተማ ዳላስ - ቴክሳስ'ዩ ተኻዪዱ።

ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ኩርናዕ ስነጥበብ፡ ቁሸታት ታሪኽን መንእሰን፡ ኩርናዕ መጽሓፍቲ፡ ቁሸት ህጻናት፡ ቁሸት ማሕበረኮማት፡ ቁሸት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ባህላዊ መደባት፡ ሞያዊ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን፡ ምርኢት ፍርያት ምህዞን ኣገልግሎታትን፡ ከምኡ'ውን ስፖርታዊ ንጥፈታት ብዘጠቓለለ ማሰናድኢታት ደሚቑ ቀጺሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብማሕበር ሞያውያን ኤርትራውያን ዝተወደበ ንሞያዊ ተራን ኣበርክቶን ዜጋታት ኣብ ህንጸት ሃገር ዘንጸባርቕ፡ ከምኡ'ውን ኤርትራውያን ሞያውያን ዘጥረይዎ ሞያን ክእለትን ኣብ ረብሓ ሃገሮምን ህዝቦምን ከውዕሉ ንዘለዎም ድሌትን ድሉውነትን ዘዘንተወ ዕቱብ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተወደበ መደባት ንዝተዓወቱ ሽልማት፡ ከምኡ'ውን ፈስቲቫል ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ውዳበታትን ኣካላትን ድማ ናይ ምስጋናን ኣፍልጦን ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ፈስቲቫል 2027፡ ኣብ ከተማ ኣትላንታ - ጆርጅያ ክካየድ ምዃኑ፡ እቲ ዘዳሉ ሓብሬታ ኣፍሊጡ።

# ዓለማዊ ቅነ ጸባ ኣደ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ

ዓለማዊ ቅነ ጸባ ኣደ፡ "ጸባ ኣደ ቀዋሚ ዋሕስ ጥዕና ህጻናት ስለዝኾነ፡ ልዕሊ ክልተ ዓመት ንቐጽሎ!" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ብ4 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ መደብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊት ኣሃዱ ስነ-መግቢ ሲስተር ኣምለሰት ሓጎስ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ጸባ ኣደ ዝኾነ ተወሳኺ መግቢ ዘየድልዮ፡ ብተፈጥሮኡ ድሉው፡ ጽሩይ፡ ሕሉው፡ ንዕብየትን ምዕባለን ዕሽል ድማ እቲ ዝበለጸ ትሕዝቶ ዘለዎ ባህርያዊ መግቢ ከምዝኾነ ገሊጻ።


ንጸባ ጡብ ኣቈናጺቡ ናብ ስብስርሖ ጸባ ከምእንዝንብል ዝጉብር ዝኽቡዕ ምውዕዋዓት ደስስን ከምዝሎ ዝጠቐሰት ሲስተር ኣምለሰት፡ ዚ. ንምግታእ - ኣደታት ኣብ'ቲ ማሰረታውን ባህርያውን መግቢ ህጻን ንኸተኮራ፡ ሓብራዊ ዘተን ተጉዳስነትን ዝሓትት እዋናዊ ዕማም ከምዝኾነ ኣገዚባ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ምብህዛልን ስልጠናን ኣቶ ኣማኑኤል ግርማጼን ብወገኑ፡ እቲ ዕላት - ተጠቃምነት ጸባ ኣደ ብምትብባዕ ኣብ ህጻናት ወፍሪ ንምግባር ድርኺት ዝፈጥር ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ዕብየት ህጻናት ንኣደ ጥራይ ዝግደፍ ሓላፍነት ስለዘይኮነ፡ ተራ መጻምድን ከምን ክዓዝዝ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብማሕበር ሓኪይም ኤርትራ ዝተማእከለ፡ ኣብ ጸባ ኣደ ዘተኮረ፡ ንጠንቀቕታት ቀልጢፍካ ምቕራጽ ጡብ፡




ስእሊ-ዙበር ስዒድ



ኣተኩሩ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ከምኡ'ውን ተራ ኣቦታት ኣብ ምጥባው ዝድህስስ ዓውደዘተ ተኻዪዱ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዝተኻየደዎ ዘተ፡ ህላወ መወዓሊ ህጻናት ኣብ ትካላት ክሰፍሕ፡ ንኣደታት ዝወሃብ ናይ ሕርሲ ዕረፍቲ ደግመ-ግምት ክግበረሉ፡ ከምኡ'ውን ዝተኻየደ ንግዳሳት ክሕደል ተላቢዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት'ቲ ቅነ፡ ኣብ ኣጉዳስነትን ረብሓታትን ጸባ ኣደ ዓመት መጸ ካብ 1 ክሳብ 7 ነሓሰ ዝዝከር ዓለማዊ ቅነ ጸባ ኣደ፡ ለሚ ዓመት ብደረጃ ዓለም ንመበል 34፣ ብደረጃ ሃገር ከኣ ንመበል 24 ግዜ'ዩ ዝዝከር ዘሎ።

# መንደፈራ - ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ደም ለጊሶም

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝርከቡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ብ4 ነሓሰ ብዘወሰድዎ ተበግሶ 87 ከረጺት ደም ከምዝለገሱ፡ ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ሓቢሩ።

ብመሰረት ወጥን ሃገራዊ ባንኪ ደም፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ልግሲ መደብ ከምዝካየድ ብምጥቃስ፡ እቲ ናይ ለሚ ዓመት ብኣወዳድባኡን ኣካይዳኡን ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተፈልየ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣደ-መንበር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኢልሳ ሃብተጼን ብወገና፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ዚ. ናይ ሕልና ዕረፍቲ ዝፈጥር ተግባር ክስዕብዎ ተላቢያ።

ለገስቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብዝተኻእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ቀወምቲ ለገስቲ ክኾኑ ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ እውን 61 ከረጺት ደም ምልጋሶም ዝዝከር'ዩ።

ዜና

# ከረን - ፖሊስ ንወፋሮ ክረምታዊ ልምዓት ኣስተምህሮ ሂቡ





ኣብ ከተማ ከረን፡ ኣብ ሰለስተ ነቑጣታት ተዋፊሮም ንዝርከቡ ልዕሊ 1,600 ተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ክብ ንምባል፡ ካብ 30 ሓምለ ክሳብ 3 ነሓሰ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ራእን ዕላማን ፖሊስ ኤርትራ፣ ኣገዳስነት ትምህርቲ፣ ምቁራጽ ትምህርትን ሳዕቤኑን፣ እወታውን ኣሉታውን ጽልዋታት መሳርሒታት ቴክኖሎጂ፣ ከምኡ’ውን ወልፍታትን ሳዕቤናቱን ዘተኩረ ነይሩ።

ኣዛዚ 2ይ መደበር ፖሊስ ከረን - ሰርጌንተ ብእምነት ክብሮም፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ ኣስተምህሮ፡ ተመሃሮ ኺ-ኺ’ቲ ወፈራታት ልምዓት፡ ሕግን ስነ-ምግባርን ንኽስርጽዎምን ብኽብርታት ሕብረተሰብ ንኽመላለሱን ንምዝኽኻር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ከምዚ ዝበለ ኣስተምህሮ ክድፋኣሉ ተማሕጺኖም።

# እምኒሓይሊ - መደባት ምግራብ ንምዕዋት እኹል ፈልስታት ከምእተዳለወ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ተደኲና እትርከብ መደበር ፈልሲ፡ ሎሚ ዘበን ክረምቲ ንዝካየድ መደባት ምግራብ ኣስታት 200 ሽሕ ፈልስታት ከምዘዳለወት፡ ወኪል ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ መብራህቶም ጸጋይ ሓቢሩ።

እታ መደበር ፈልሲ፡ ጸቒጣ እትሰርሓሉ ፈልስታት ናይ መባቁልቲ ኣግራብ ከምዘኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ተዳልዩ ዘሎ ፈልስታት ጠለብ ናይ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ንምምላእ ከምዝወሰል ኣፍሊጡ።

ንመስርሕ ምግራብ ብዘምልከት ኣብ ዝኸዶ ሓበሬታ ድማ፡ እቲ ፈልስታት ኣብ’ቲ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝካየደሉ ማይክያታት ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትካላት ጥዕና፡ ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስትን ናይ እምነት ቦታታትን ከምዝካየድ ኣሕቢሩ።

ኣቶ መብራህቶም ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተተኽለ ኣግራብ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ሓለዋን ቁጽጽርን ሃብቲ ገረብ ንሚኒስትሪ ሕርሻን ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝገደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋን ትካልን ዕቱብ ኣቓልቦ ክገብሩ ተላቢዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ደቡብ - ዝናብ ኣብ ሂወት፡ ጥሪትን ዘራእትን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላ፡ እምኒ-ሓይሊ፡ መንደፈራን ደባርዋን ዝናብ ኣብ ሂወት፡ ጥሪትን ዘራእትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

ብመሰረት ካብ ከባቢኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኣብ ን/ዞባ መንደፈራ - ምምሕዳር ከባቢ ኩዶፈላሲ ኣብ ዝርከብ ማይ-ጨሎት ጋብር ደርማንቶ ብ2 ነሓሰ ዝዘረመ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ህንጻ ቤተ-ክርስትያንን ዓበይቲ ኣግራብን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ሓደጋ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ዕድመ ዘለዎ ብራናታት ዘጠቓልል መጽሓፍትን ንዋየ ቅዱሳትን ዕንወት ከወርዶ ከሎ፡ ቀጽሪ ከምዝፈረሰ ወኪል ኢሮና ሓቢሩ።

ኣብ ን/ዞባ እምኒ-ሓይሊ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ጎሽ ብ29 ሓምለ ዝዘረመ ህቦብላን በረድን ዝተሓወሶ ዝናብ ድማ፡ ምፍራስ መናድቕን ምቕንጣጥ ዚንጐታትን መንበሪ ኣባይትን ማስከደን ከስዕብ ከሎ፡ ክልተ ቈልዑ ኣካላዊ ጉድኣት ወረዶም፣ ኣብ ሕርሻታት ድማ ጉድኣት ወሪዱ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ን/ዞባ ደባርዋ - ዓድታት ኣማድር፡ ህርጉድን ዓዲ-ገረድን ብ27 ሓምለ ብዘወቐዐ በረድ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሕርሻታት ከፊላዊ ጉድኣት ከምዝወረደ፡ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ኳላ - ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ንሕዮግ ብ9 ሓምለ ንዓሰን በረድን ዝተሓወሶ ዝናብ ብምውቃዑ፡ ኣብ መጓሰ ዝበሩ ጓል 9ን ጓል 12ን ዓመት ቈልዑ ብውሕጅ ክወሰዳ ከለዋ፡ 55 ጥሪት ከምዝሞታ፣ ከምኡ’ውን ኣስታት 360 ሄክታር ዘራእቲ ብውሕጅ ከምእተደምሰሰን ሰለስተ መንበሪ ኣባይቲ ጉድኣት ከምዝወረዶን፡ ደንገዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



ስእሊ - መሪሕ ተስፋይ

# ኣብ ጋሽ-ባርካ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ኣስተምህሮ ተወዲቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ብምብራኽ ጥዕንኡ ንምውሓስ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ንኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካበርቲ ዓዲን ወከልቲ ህዝብን ወሂቡ።

እቲ ብሰብ ሞያ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ዓሶን ሳዕቤናቱን ንምቁጽጻር ዝውሰድ ስጉምቲታት፣ ሜላታት ምክልኻል ዓሶ፣ ብሰንኪ ሸለልትነት ዝስዕብ ጥዕናውን ቁጠባውን ጉድኣት፣ ከምኡ’ውን ኣገዳስነት ጽሬት ከባቢ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ነርስ ተወልደ ሚካኤል፡ እቲ ንኡስ ዞባ ዓሳዊ ብምዃኑ፡ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ቀጻሊ ኈስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ከምዝካየድ ብምሕባር፡ ሳዕቤናት ዓሶ ንምቁጽጻር፡ ኩሉ ሜላታት ብግቡእ ክትግበር ኣተሓሳሲቡ።

መልክፍቲ ሕማም ዓሶ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ ሓያል ስራሕ ከምዝካየድ ብምንጻር፡ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ - ተራን ኣበርክቶን ሕብረተሰብ ክዕዘዝ ብምዝኽኻር፡ ናመሲያ ዓመት ምሉእ ብግቡእ ክዘውትር፣ ከምኡ’ውን መራብሒ ጣንጡ ዝኾኑ ጉድጓዲን መዕቆሪ ማይን ክድፈኑን ክጽረጉን ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ ታረቀ ኣባይ ብወገኑ፡ ሳላ’ቲ ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ኣፍልጦ ህዝቢ እናበረኸ ምምጻኡ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሓገዝ ከምዝገብር ገሊጹ።

# ርእይቶ

## ሰላም፡ ሕርያ ህዝብታት

ዊንታና ንርኣዮ

ድምጺ ሰላም ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ እናሓየለ፣ ሰላማዊ ርክብ ህዝብታት ሰረት እናንጸፈ፡ ጽምዶ ኣንጻር ዕሱባትን ጸረ-ሰላም ጉጅለታትን እንተርንዐ፣ ንቕሓት ኣንጻር ግዳማዊ ምትእትታው እናበረኸ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ንርከብ ኣለና። እዚ ንበዓሀ መጻኢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝእምት እኳ እንተኾነ፡ ናብ ምሉእ ሰላምን ምርግጋእን ናብ ባይታ ምትሕብባርን ምምልላእን ንምብጻሕ ክሰገር ዘለዎ ብድሆታት ቀሊል ኣይኮነን።

መረበት 200 ሚልዮን ህዝቢ ዝኾነ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ድሕሪ ምዝርዛር ኤውሮጳዊ መግዛእቲ፡ ን80 ዓመታት ዝኣክል ብዘዩዕርፍ ግጭታትን ኩናትን ፖለቲካዊ ቅልውላዋትን እዩ ሓሊፉ። ሕጂ እውን ሃገር ብሃገር ዘሎ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኣሰካፊ እዩ።

ኣብ ሱዳን ዝተወልዐ ኩናት ሓድሕድ፡ ዋላ እኳ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሰራዊት ናይታ ሃገር ላዕለዋይ ኢድ ይሕዝ እንተሎ፡ ኑቲ ኩነታት ንምትሕልላኽ ክየበር ዝጸንሐ ናይ ደገ ምትእትታው ገና ኣይዓረፈን። ኣቢታ ብኩናት ሓድሕድ ዝሓለፈት ደቡብ ሱዳን እውን ገና ሰኸኩት ኣይተረኸበትን። መንግስቲ ሶማል፡ ብማሕበረሰብ ዓለም ምድግጋፍ እናተገበረሉ እውን፡ ንጉበረሸበራዊ መጥቃዕቲታት ኣልሸባብ መሊኡ ክቆጻጸሮ ኣይከኣለን። ኣብ ዝተፈላለየ ክልላት ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ክልላት ትግራይ፡ ኣምሓራ፡ ኦሮምያ፡ ህዝብታት ደቡብ፡ ዓፋር፡ ሶማል፡ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላውን በብጊዜኡ ተወሊዑ ዘሎ ሰፊሕ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ኣንጻር ሰልፊ ብልጽግናን ድማ፡ መዓልቦኡ ኣርጊጽካ ምፍላጥ ዝከኣል ኣይኮነን። ልዕሊ 100 ሚልዮን ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ብበዝሒ ጥራይ ዘይኮነ ካብኡ ዝደቀቐ ጅር ፈልዩ እንተላይ ብጦሳን ሃይማኖትን ኣብ ዝተፋሕሉ ዘሎ እዋን፡ እንታይ ምዕባለታት ክፍጠር ይኽእል፡ ንኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ንዞባና እውን ኣሰካፊ እዩ። ስለዚ ድማ ደለይቲ ሰላም ሓይልታት ኢትዮጵያ፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ከይከውን ክገድሉ ዘለዎም ሀጹጽ ጉዳይ ኮይኑ ይርከብ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ሃገር ብሃገር ዘሎ ወሽጣዊ ጸገማት፡ ንኢትዮጵያ ዝመርሕ ዘሎ ጉጅለ ብልጽግና፡ ብሓደ ወገን ዛዕባ ካብቲ ኣጨናፊ ወሽጣዊ ኩነታት ናብ ግዳም ንምቕናዕ፣ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብምወላን ድርኺትን ናይ ግዳእ ርእሶም ኣጀንዳታት ዘለዎም ናይ ከበና ሓይልታት ተደፊኡ ዘልዓሎ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ካብ ጉረባብታ ኸሊ፡ ንሰላማዊ ርክባትን ምትሕብባርን ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ዕንቅፋት ኮይኑ ኣሎ።

ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምዚ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ኣኽበቡዎ ዘሎ ዞባዊ ሃዋህው እውን ካልእ ዓቢ ብድሆ እዩ። ከም ሳዕቤን መጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን፡ ኣብ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ዘሎ ወጥሪ፡ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቃጣን ሊባኖስን፣ ሕንፉሽ ሃዋህው የመን፣ ግጭት ስዑዲ ዓረብ ምስ የመናውያን ሑቲን ዕጡቓት ሓይልታት ዓረቓቸ፣ ምትእትታው እስራኤል ኣብ ሶማሊላንድ፡ ምትእትታው ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳያት ሱዳንን ኢትዮጵያን፣ ከም ግብረ መልሲ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያንን ኢራንን የመናውያን 'ሑቲ' ኣብ ከባቢ ባብ ኤል-መንደብ ክፍጽምዎ ዝጸንሑ መጥቃዕቲታት፡ ኩሉ'ዚ ተደማሚሩ ኣብቲ ቀንዲ ማያዊ መስመር ዓለምና ቀይሕ ባሕሪ ስግኣት ፈጢሩ ይርከብ።

ብሓጺሩ ህሉው ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ዞባ ቀይሕ ባሕርን ሕልኽላኻት ዝመልኦ እዩ። እንተኾነ ሃገር ብሃገር ዘሎ ብድሆታት ኮነ ብደረጃ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዞባ ቀይሕ ባሕርን ዘሎ ወጥርታት ፍታሕ ክርከቦ ጻዕሪ ግዱሳት ወገናት ኣየቋረጸን። ኣብ መንጎ መንግስታት ዞባ፡ ኤርትራ፡ ግብጺ፡ ስዑድያ፡ ሱዳን፡ ሶማል ወዘተ. ሓባራዊ መረዳእታን ዕላማን ንምፍጣር ብቐጻሊ ዝካየድ ዘሎ እዩ። ከምዝፍለጥ መርገጺ ኤርትራ ኣብዚ መዳይ'ዚ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ንጹርን ዘኻሞን እዩ። ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ኮነ ሰላምን ምርግጋእን ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዋላ ኣብ ዘቤታዊ ብድሆ ወልቀ-ሃገራት፡ ፈጸሚ ፍታሕን ብቑንዱ ብሱብ ጉዳይ'ዩ ዝብል መትከላዊ ኣረኣእያ ዘለዋ ሃገር እያ። ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰብ መሬትን ባሕርን ብምግናይ ዝግበር ወተሃደራዊ ምትእትታው ዓበይቲ ሓይልታት፡ ዝያዳ ምትሕልላኽ ፈጢሩ ዝሩግ ሃዋህው ዘንግስ እምበር፡ ዘላቒ ሰላምን ጸጥታን ዘረጋግጽ ከምዘይኮነ ጽኑዕ እምንቶኣ እዩ። ኣብ ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ድማ ተመሳሳሊ ናይ ሓባር መረዳእታ እናተፈጥረ ይመጽእ ኣሎ።

ብኣመለኻኽታ ኤርትራ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዘሎ ጸገማት፡ ሰግኣት ናይ'ዚ ዞባ እዩ። ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ከበድ ፖለቲካውን ጸጥታውን ነውጺ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ንረብሓ ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ እውን ዘከልግል ኣይኮነን። ካብዚ ዘሎ ሕልኽላኽ ንምውጻእ ድማ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ህዝብታት ሓባራዊ ንቕሓት ዝፈጥር ሰላማዊ ርክብት ምኽሳኹስ የድሊ።

ከምዝፍለጥ ኣብ 1991 ኤርትራ ልኡላዊት ሃገር ምስ ኮነት፡ ብደረጃ ዞባ ናብ ሓባራዊ ዕበየት ዘቕምት ሰፊሕ ዕላማታት ሒዛ'ያ ነቒላ። መንግስታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሰፊሕ ባይታ ምትሕብባር ክፈጥሩ ብዓቕማ ገኒሱሳን ብሃናጺ ጽምዶ ጸዒራ። ብዙሓዊ ኣቋውማ ሕብረተሰቡት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ሶማል፡ ኢትዮጵያ ይኹን ሱዳን ንህንጸት ሃገር ዘዋጽእ እኹ መገዲ ኣመልኪታ እውን ርእይቶኣ ብግልጺ ክትገልጽ ጸኒሓ። እዚ ኤርትራ ክውንኑት ዞባና ንምቕያር ዘንቀለቶ ሃናጺ ሓሳብ ግን ኣብ ዓይኒ'ቶም 'ካብ ዝርጉት ንረብሕ ኢና' ዝብሉ ሓይልታት ስለዘይተዋ ከበድ ዋጋ ከፊላትሉ እያ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝዝበ ተጻብኦ እልቢ ኣይነበሮን። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ በቲ ዝገጠሞ ከበድ ተጻብኦ ከይተዳህለ፡ ፖለቲካዊ ሕርያኡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ፡ ልኡላውነት ሃገሩ ከየድፈረ፡ ብዕቕሙ ዝባዊ ሰላምን ርግኣትን ከይተሓለለ ክሰርሑ ጸኒሑ ኣሎ።

ሕጂ እውን ሓደሽ ምህዞ የለን። ጸገማት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዞባዊ ወሃደትን ምትሕብባርን እዩ ነባሪ ፍታሕ ዝረክብ። ብጸቢብን ከፋፋሊን ፖለቲካ፡ መሳፍሕፍሒ ጥሙሓት፡ ባህሊ ወረራን ዕመጽን ዝጭብጦ ፋይዳ የለን። ሃገራት ዓለምና ብደረጃ ዞባን ክፍለዞባን እናተመላልኣ ዕዳጋኣንን ፍርያተንን ኣብ ዘዕርጋሉ ዘለዋ እዋን፡ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ ብሓደ ወገን፣ ከምኡ'ውን ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ግብጺ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ሱዳን፡ ኤርትራ፡ ጅቡቲ፡ የመን፡ ምግንን ሶማልን በቲ ካልእ ወገን ጥምረት ፈጢሮም ብሓባር ክሰርሑ እዩ ዘዋጽኦም።

ከምዚ ዝተገልጸ እቲ ዘሎ ዞባዊ ኩነታት ብመንጽር ሰፊሕ ዕላማኦን ስትራተጂያዊ ሓሳባቱን ብድሆ ይኹን እምበር፡ ንሕና ኤርትራውያን ወሽጣዊ ርግኣትን ሰላምን ስለዘለና፡ ብተዛማዲ ዝሓሸ ዕድል ኣለና። እዚ ዕድል'ዚ ተጠቒምና፡ ሰላምናን ርግኣትናን ዓቂብና፡ ህንጸት ሃገር ብዘለዓለ ናህርን ሓይልን ክነቀላጥፍ ዝሓሸ ባይታ ኣለና። መንግስቲ ኢትዮጵያ ዛዕባ ካብ ወሽጢ ንግዳም ንምቕናዕ ዘልዓሎ ኣጀንዳ ምናልባት ብቐጥታ ንኣና ዝጸሉ ክመስል ይኽእል እዩ። ኣመት ናይቲ ዝሃማገ ፕሮፓጋንዳ እውን ከምኡ እዩ። የግዳስ ወድዓዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣብ ግምት ብምእታው ብዙሕ እንሻቐለሉ ጉዳይ ኣይኮነን።

ኣብ መደምደምታ "ሃገር ሰላም እዩ ኢልካ ብዘይ ድኻዕ ኣይሕደርን" ከምዝበሃል፡ ሰላምና ንምውሓስ ወትሩ ድሉዋት ክንከውን ግቡእ እዩ። ዝዓበየ ኣተኩሮና ግን ኩሉ ሳዕ ናብ ልምዓትን ህንጸትን ሃገር ክኸውን ይግባእ። እዚ ማለት ግን ኣብ ዘቤታዊ ዕማምና ተጸሚድና ካልእ ኣይምልከተናን ክንብል ኣይንኽእልን። ብጥንቁቕ ኣናብቡ፡ ምዕባለታት ዞባን ኣሰላልፋ ሓይልታትን እናተኸታተልና፡ ምስ ህዝብታት ዞባና፡ ኣንጻር ጸረ-ሰላም ሓይልታት፡ ጽምዶ ንምሕያል፡ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ከባቢና ካብ ዞባ ህውከትን ዕግርግርን ናብ ዞባ ሰላምን ሓባራዊ ዕበየትን ንምቕያሩ፡ ብዓቕምና ክንገብሮ እንኽእል ምድግጋፍ ምግባር ከም ህዝብን ሃገርን ሓላፍነትና እዩ።

---

## ካብ ኣመሪካ እንታይ ንጽበ፧

ER MEDIA

ኣመሪካ ኣብ'ዚ ዞባ ዘለዋ መረዳእታ ይኹን ፖሊሲ ምምዕርራይ ከድልያ'ዩ። ብኡብኡ ብቕልውላዋት ተሓሚሱ ዘሎ ዞባ፡ ኣብ ግጉይ ንባብ "ስቴት ደፓርትመንት" (ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ) ዝተመርኮሰ ጌጋታት ምምሕዳር ኣመሪካ ተወሲኹዎ፡ ንበዓል ነጎዳ ብበርቂ ዝድኑበሰ ኣተሓሕዛ ኣይመድለየን። ኣብ ኢትዮጵያ ተባሪዑ ዝቐጸል ዘሎ ግጭታት፡ ሰሪቡ ዘሎ ተወሳኺ ደብና ኩናት፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ንህላወ ናይታ ሃገር ዝፈታተኑ፡ ናብ ውድቀትን ምግምማዕን ከየምርሕ ዘፍርሕ'ዩ። ኣብ ሱዳን ዝቐጸል ዘሎ ናይ ውክልና ኩናት፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዘሎ ህውከት፡ ኣብ ሶማል ዘሎ ቅልውላው፡ ቀርኒ ኣፍሪቃን ከንዮኡን፡ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ወዲቑ'ሎ። ምስ'ቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደገኛ ኩናት ተደሚሩ ድማ ማዕዙ ቀሊል ኣይከኸውን'ዩ።

ኣመሪካ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ምስ'ቲ ብህዝቡ ተፈንፊኑ ዘሎ ስርዓት ሕግዙብዙብ ኣብ ከንዲ ምግልጹ፡ ንፍትሓዊ ሕቶታት መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ግቡእ ኣቓልቦ ክትህቦ'ዩ እቲ ቅኑዕ። ኣብ ክንዳኡ ግን ብዘብዓይኑዩም "ክሲታት" ኣብትር እጉዳ እናዋጣወጠትን ን"ብልጽግና" ዱል ብዘሁብን ንተወሳኺ ዕንደራኡ ብዘተባብዕን መርገጺታታ፡ ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብታት እትገብሮ ዘላ ጸቕጢ፡ ብዘይካ ሕሰም ኢትዮጵያውያን ምንዋሕ፡ ግድላት ዞባና ምትሕልላኽ፡ እወታዊ ፋይዳ ዝርከቦ ኣይኮነን።

ኣብ ሱዳን ኣብ'ቲ ንሰለስተ ዓመታት ዝቐጸል ዘሎ ኩናት፡ ኑቲ ሕጋዊ መንግስትን ሰራዊትን ሱዳን፡ ማዕረ ሚልሻታት "ዳዕመል ሰሪዕ" ኣብ ሓደ ግናዕ ዘቐምጥ ኣተሓሕዛ ዋሽንግተን፡ ኣብኡ ከይተሓጽረ፡ ንሰራዊት ሱዳን ሓደ እዋን "ቀመማዊ ኣጽዋር" ተጠቒሙ፡ ካልእ እዋን "ሲቪላዊ ዕላማታት" ኣጥቂዑ፡ "ግፍዕታት" ፈጺሙ ወዘተ. እናተባህሉ፡ ንመንግስቲ ሱዳን ዘዳኽም እጉዳታት ምልጣፍ፡ ብሓቂ ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ሚዛን ሓይሊ ኣብ ባይታ፡ ናብ ረብሓ ሰራዊት ሱዳን ኣብ ዝዘዝወሉ እዋን፡ ጸቕጢ ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ፕረዚደንት ኣልቡርሃን ምሕያሉ፡ ሓደ ካብ መግዛዲታት ኣሉታዊ ተራ ኣመሪካ ኣብ'ዚ ዞባ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ንምምሕያሽ ዝተጀመረ ዘተ እኳ እንተሎ፡ ዝምድና ንምምዕባል ዘይሕግዝ ዝተፈላለየ ዝሕብሩ ጸለመ፡ ኤርትራ ምስ ጎረባብታ እትገብሮ ጽምዶ፡ ዘይትርጉሙ ብምሃብ፡ "ምስ ኤርትራ ኣይትቐረቡ" እናበልካ ምገስጻስን ምፍርራሕን፡ ገና "ስቴት ደፓርትመንት" ዝቐጸሎ ዘሎ ኣሉታዊ ተራ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ክልተኣዊ ዘተ ከም'ቲ ዝድለ ክሰጉም'ኳ እንተዘይከኣለ፡ ኤርትራ፣ ኣመሪካ መረዳእታኣን ፖሊስኣን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከተመዓራሪ ብዘይምሕላል ካብ ምዝኽኻር ዓዲ ኣይከትውዕልን እያ።

---

## ኢትዮጵያ ኣብ ኣፈፌት ወሳኒ መድረኽ

ER MEDIA

ኢትዮጵያ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ትርግጽ ኣላ። ብወገን 'ብልጽግና' እንትርፎ ፈኸራን ተዋስኦታትን፡ ሓድሽ ነገር የለን። እቲ ''ስርዓት''፡ ልክዕ ንምኳን ድማ ጉይተቱ፡ መዓልታዊ ኣጽዋር ይጓርቱ እኳ እንተለው፡ ሓድሽ ነገር ክፈጥሩ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ሰለስተ ዓመት መመላእታ ኣንጻር ፋኖ ዝካየዶ ወፍርታት፡ ንተጋደልቲ ኣምሓራ ኣሐይልዎም'ምበር፡ ዘምጽኦ ለውጢ የለን።

እቲ ዓቢ ለውጢ ወይ ዝላ ተመዝጊቡ ዘሎ፡ ኣብቶም ኑብሶም ዝከላኸሉ፡ ንህላወኦም ዝምክቱ ዘለዉ ህዝብታት ኢትዮጵያን ተቓለስቲ ውድባቶምን እዩ። ወከልቶም የነጽሩዎ ከም ዘለዉ፡ ድሕሪ ነዊሕ ናይ ሓድሕዳዊ ምጥርጣር ግዜ፡ ፍልልያት'ውን እናሃለዎም፡ ኑቲ ንድሕነትን ህላወን ሃገርን ህዝብን ሓባራዊ ሓደጋ ዝኾነ ብልጽግና ብሓባራዊ መኹተ ክጸርጉዎ ኣንቂዶም ኣለዉ።

ዕላማኦም ድሕሪ'ዚ ቀዳማይ ዕማም፡ ሰፊሕ ተሳታፍነት ዝህሉዎ መሰጋገሪ መንግስቲ ብምቛም፡ ቅድም ቀዳድም ሰላም ከስፍኑን በሻዕሻዕ ኢሉ ዘሎ ቁስሊ ሃገር ክሕውዩን'ዩ። ብዓቢኡ ድማ፡ ኣብ ዝሰኸነ ሃዋህው፡ ብሰፊሕ ህዝባዊ ዘተን ምምኽኻርን መጻኢ ኢትዮጵያ ምውሳን'ዩ።

ኣብ ውሽጣን ምስ ጎረባብታን ብሰላም እትነብር ኢትዮጵያ ድሌትን ረብሓን መላእ ዞባ ብምዃኑ፡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ዝኣተወ ዘሎ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ተገዳስነትን ሰናይ ድሌትን ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ከንዮኡን ከም ዘይፍለዮ ኣየጠራጥርን።

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# መሕለፊ ግዜ

ሙሴ ብርሃን

ሓደ ሰብ ብዕምበባታት እተሸፈነ ዓቢ ቀጽሪ ዝነበሮ ገዛ ይገዝእ። ኣብታ ገዛ ዝገዝኣላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ካብ ቀጽሪ ወጻኢ እናማዕደወ እንከሎ መቐሰን ኣፍራዛን ሒዙ ብጐደና ንዝሓልፍ ሓደ ክኢላ ኣትክልቲ ስለ ዝተመልከተ ይጽውዖ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መንጎ እቲ ብዓል ገዛን እቲ ክኢላ ኣትክልቲን ዝተኻየደ ዝርርብ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ይርከቦ።

“እዚ ዕምበባታት ክትቁርጸለይ ደልየ ነይረ፤”

“ኣዘዮም ውቁባት ዕምበባታት እዮም። ብዛዕባ ምቍራጾም ርግጸኛ ኢኻ፧”

“ብጣዕሚ ርግጸኛ እየ። ኣብዚ ቀጽሪ ዘሎ ዕምበባታት ምሕውሕው ኣቢልካ ዳግማይ ከም ዘይበቁል ክትገብረለይ ትኽእል ዶ፧”

“እኽእል እየ። እንተተጸንሒምን እንተ ትከናኸናዮምን ግን ምሓሸ ‘መሰለኒ፤”

“ንምንታይ፤! ዕምበባታት ኩሎም ፈጺሞም ትርጉም ኣልቦ ዝኾኑ ኣትክልቲ እዮም። ፋይዳ ኣልቦ ዝኾኑ ፍጥረታት!”

“ዕምበባታት ዋላ ሓንቲ ፋይዳ ዘይብሎም ኣይኮኑን፣ ምናልባት ንስኻ ዋላ ሓንቲ ፋይዳ ናይ ዕምበባታት ዘይትፈልጥ ከይትኾውን እምበር። ጥቕሞም ዘይተፈልጠ ነገራት፡ ክባኽኑ ወይ ከም ብኽነት ክሕሰቡ ዘለዎም ዕድል ዝሰፍሐ እዩ። ናይ ኣትክልቲ ብዓል ሞያ ክኸውን ዝገበሩኒ ዕምበባታት እዮም። ክገርመካ ዕምበባታት ንዓይ ሓድሽ ተሰፋ ዝርእየሎም ናይ ተፈጥሮ መሳኹቲ እዮም። ንስኻ ሓድሽ ተሰፋ ብኻልእ መንገዲ ኢኻ እትርኢ ወይ ከኣ ይቕሬታ ግበረለይ እምበር ሓድሽ ተሰፋ እትርእየሉ መስኮት ልቢ ዘይብልካ ክትከውን'ውን ትኽእል ኢኻ። ናይ ዓሚለይ ትእዛዝ ክፍጽም ግን . . .”

ንምዃኑ ናይዞም ዕምበባታት መወዳእታ እንታይ ክኸውን ይኽእል፤ መምህራንና “ዕምበባታት ህይወታውያን እዮም፡” ይብሉና ነይሮም እዮም። ስለዚ ናይ ዕምበባታት መወዳእታ ማለት ናይ ህይወት መወዳእታ ማለት እዩ። ብርግጽ ንሕና ሰባት እውን ህይወታውያን ኢና፣ ከምቶም ዕምበባታት። ናይ ህይወታውያን መወዳእታ ግን እንታይ ይኸውን?

እዚ ሓሳብ ኣብ ኣግራብ ወይ እንስሳ ዘገዳም፡ ኣብ ቅርጺታት መሬት ወይ ናይ ኣድማስ ምስጢራት ልዑል ዝኾነ ጥንቃቐ ዝወስድ ሰብ ካብ ምዃን ዝነቐለ ወይ ናብኡ ዝዓለመ ኣይኮነን። ዋላ እኳ ኣብ ኣካላት ተፈጥሮ ግዱስ ምዃን መግለጺ ስልጣነን ሰፊሕ ናይ ምስትውዓልን ምድናቕን ባህሪን እንተኾነ እዚ ጽሑፍ ግን ኣብ ዝተርፍ ግዜን ኣተሓላልፋኡን እዩ ኣተናኡ።

ኣርእስቲ እዚ ጽሑፍ ‘መሕለፊ ግዜ’ እዩ። ንምዃኑ ግን ሰብ ንግዜ ከሕልፎ ምባል ሕቶ ዘልዕል ኣይኮነን፤! ደፊኡ ዲዩ ተሰኪሙ እዩ ሰብ ንግዜ ዘሕልፎ፤! ዘመናት እኳ እንተሓለፉ ግዚኦም ሓልዮም፡ ህድኣቶም ዓቂቦም፡ ብባህርያዊ ዑደቶም እምበር ማንም ደፊእዎም ወይ ጎቲትዎም ኣይኮኑን። ‘መሕለፊ ግዜ’ ዝብል ዘይመጎታዊ ቃል ደኣ ካበይ ተረኺበ፤ ምናልባት ግዜኡ ወይ ነብሱ ምርዳእ ዝሰኣነ ሰብ ዘምጽኦ ግጉይ ወይ ዘይንቡር ቃል ዶ ይኸውን፤ ኣብ ግዜ ተጸይሩ ዝሓልፍ እንክንሱ ንግዜ ንሱ ዘሕልፎ መሲልዎ ኣብ ውሽጢ ካብ መስርዕ ተፈጥሮ ወጻኢ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ዝኣተወ ምስኪን ዝፈጠሮ ቃል ዶ ይኸውን፤

ምሕላፍ ግዜ ኣብ ክልተ ባህርያት ሰባት ተኸፊሉ ክርአ ይኽእል እዩ። እቲ ሓደን ልሙድን ካብ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ወጻኢ ንዘለዉ እዋናት ዝምልከት ምሕላፍ ግዜ ዝሓስብ ክኸውን እንከሎ እቲ ካልኣይ ግን ኣብ ኩሉ ህይወቱ ግዜ ክሓልፈሉ እናተጸበየ ናይ ዝነብር ሰብ እዩ።

“ናይ ስራሕ ክዳንን ሓሳብን ንጎድኒ ኣሊኻ፡ ቡን ብዝንጅብል ኣፍሊሕካ፡ ዕምበባ ኣዐምቢብካ፡ ኣብ ምድሪቤት መንጸፍ ኣንጺፍካ፡ ኣእጋርካን ሙድካ ኣጸቢቕካ ኣሳፊሕካ፡ ኣዒንትኻ ብህድኣት እናኸፈትካን እናዓጸኻን ህይወት ምስትምቓር!” ዝበሃል ናይ ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ቋንቋ ኣሎ። እዚ ንዕኡ ናይ ህይወት ዝማዕረገ ውቃበ ዝርእየሉ ሃዋህው እዩ። ካልኦት ሰባት እውን ነናቶም ዝኾነ ሃዋህው ኣለዎም። ንኹልና ኣለና። ኩሉ ሰብ ከም ዝርድኦ እዚ ኑብሰኻ ናይ ምፍሳህ ኩነት ኣብ ትርፊ ግዜ እዩ ዝካየድ። ካብ ዕዮ ወይ ጉዳይ ድሕሪ ምምላስ ንኻልእ ዘይተርፍ ናይ ህይወት ጉዳይ ንምድላው ወይ ንምብጋስ እዩ ዝትግበር። ዋላ እኳ ኣብ ትርፊ ግዜ ከምዚ ምግባር ዝኹነን ኣይኹን ካልእ ገጽ ናይ ትርፊ ግዜ ግን ኣሎ።

ብሞያ፡ ብሓሳብን ብሃብቲን ንዓለም ዝመርሑ ብዙሓት ከምዝሰማምዕዎ፣ ካብ ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ንሞይኡ ወይ ህይወቱ ዘይውፊ ሰብ ናይ ብሉጽነት ዋጋኡ ኣጠራጣሪ እዩ። ኣብተን ስራሕ ዝኣትወለን ሰዓታት ጥራይ ጉዳይ ስራሕ ዝሓስብ ሰብ ናይ ስራሕ ዘይኮነ ናይ ተቖጻሪ (employee) መንፈስ ዘለዎ ምዃኑ እውን የረድኡ። ብኣንጻሩ ናይ ዝሰርሖ ስራሕ ፍቕሪ ዘለዎ ሰብ ግን ካብ ሰዓታትን ቦታን ስራሕ ወጻኢ እኳ እቲ ስራሕ ኣብ ኣእምሮኡ ኣሎ። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ሰዓታትን ቦታን ስራሕ ዝካየድ ዕዮ ደገፍ ከም ዘለዎ ይግለጽ። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ውሱን ሰዓታት ጥራይ ዝመጽኡና ሓሳባት ምሉኣትን ውዱኣትን ሓሳብት እዮም ብምባል ምድምዳም ኣይከኣልን።

ኣብ ናይ ውልቀ ኮምፒዩተራት ሰውራ ዝበለጸ ፈጣሪ ስራሕ ዝተባህለ፡ ኣብ ዓለም ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ ምስ ዝወነኑ ሰባት ንምስላፍ ዝኸኣለ፡ መጻሕፍቲ ዝጸሓፈን ቢል ጌትስ ኣብዚ ጥርዚ ቅድሚ ምብጽሑ እታ ፈለማ ዝሰርሓ ናይ ጸወታ ኮምፒተር ፕሮግራሙ (tic-tac-toe)፡ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ኮይኑ እዩ ፈጢርዋ። ብቢልዮናት ዶላራት ዋጋ ዝትመን ዘሎ ‘ፈስ ቡክ’ ካብ መደቀሲ ክፍሊ ዝተበገሰ ምዃኑ ምዝካር ካልእ ሓቂ እዩ። ሸርሎክ



ሆልምስ ብዝብል ኣዝዩ ግኑን ናይ ፈጠራ ጠባይ ዝፍለጥ ኣርተር ኮናን ዶይል እውን ሓኪም ብምንባሩ፡ ኑቶም መሰጥቲ ዛንታታቱ ሕሙማት ክሳብ ዝቐበል ኣብ ዝነበሮ ናይ ምጽባይ ግዜ እዩ ጽሒፍዎም።

ብዙሓት ናይ ንግዲ ምሁራት ‘ቀመር-ልዕሊ ኣርብዓ’ (forty plus formula) ብምባል ዝገልጽዎ ዕዮ ዝያዳ ናይ ምብልጻግን ዝያዳ ሃብቲ ናይ ምእካብን ሓሳብ እውን ብዘይካ እቲ ኣብ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ሸሞንተ ሰዓታት ምዕያይ፡ ካብ ናይ ዕረፍቲን ምዝንጋዕን ግዜ እውን ንምስራሕ ዝኸውን ግዜ ምውሳኽ ዝብል ሓሳብ ዘቐርብ እዩ። እዚ ማለት ግን ብዘይ ዕረፍቲ ትንፋስን ምስራሕ ማለት ከምዘይኮነ ክርሳዕ እውን የብሉን። እቲ ኣገራሚ ገጹ ከኣ ብዙሓት ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ንሞያኦም ዝውፈዩ ሰባት ንኑብሶም ምእንቲ ስራሕ ብዙሕ ዋጋ ትኸፍል ከም ዘላ ጌሮም ዘቐጽሩ ዘይምዃኖም እዩ። ስለምንታይ? እትሰርሖ ስራሕ ምፍታው እቲ ቀንዲ ምኽንያቱ እዩ። ንእትፈትዎ ነገር ዝኽፈል ኩሉ ምቍጻሩ ዘከኣል ኣይኮነን። እቲ ምፍታው ካብ ብዙሕ ቁጽሪታት ዝዓቢ እዩ። ምፍቃር ንብዙሓት ቁጽሪታት ዝሸፍን ሓይሊ ኣለዎ።

ካልእ ገጽ ናይ ምሕላፍ ግዜ ከኣ ዝተፈልየ እዩ። ኩሉ ናይ ህይወቱ ግዜ ክሓልፈሉ ዝደሊ ሰብ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ካብ ዓራቱ ድሕሪ ምትንሳእ ‘እዚ መዓልቲ በየን ኮን ክውዳእ እዩ’ እናበለ ዘይውዳእ ሓሳብ ናይ ዝሓስብ ሰብ እዩ። ከምዚ ዝበለ ሰብ ዋላ እውን እንተወፈረ ‘መውዓሊ እንተኾነና’፡ ‘መዕረቢ ጸሓይ እንተተረኺበ’፡ ‘ክዳን መቐየሪ እንተኾነ ኢለ እንዲየ’ ዝብሉ ኣብ ኣፍ ሞት ዘብጽሑ ቑዘማታት እናኣዜመ ዝወፍር እዩ። ከምዚ ዝበለ ሰብ ናይ ኑብሱ ጸሓይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዘሞተ መንፈሱ ናይቶም ኣብ ጥቓኡ ዝውዕሉ ሞራል እንክይተረፈ ዘሰብር እዩ። ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ግዜ ከሕልፍ ዝሓስብን ዝኣበዮን ሰብ ኣብ መወዳእታ ኑብሱ ከሕልፍ ዝኽእል ሰብ እዩ ተባሂሉ'ውን ዝጥርጠር እዩ። ‘ከምኡ ይግበር ዲዩ’ ዝብል ሰብ ክህሉ ይኽእል እዩ። ዝገብሮ ዝሰኣነ ሰብ ዘይግበር ክገብር ምብጋሱ ዳርጋ ዘይተርፍ እዩ።

እቲ ህቡብ ናይ ማእከላይ ዘመን ኢጣልያዊ ገጣሚ ዳንተ “ብዛዕባ ዝባኽነን ግዜ ኣዝዩ ዝሳቐ ሰብ፡ እቲ ኣዝዩ ዝነቕሐ እዩ።” ክብል ናይ ግዜ ሓሳቡ የስፍር። ናይ ብኽነት ቀንዲ ምኽንያት ከኣ እትገብሮ ካብ ዘይምፍላጥ ዝብገስ እትገብሮ ምስኣን ምዃኑ የረድእ። ግዜ ንዘኾነ ዘይጽበ እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ ግዜ እትገብሮ ነገር ምስኣን፡ ኣብ መጻኢ እትኾኖ ምስኣን ማለት እውን እዩ። ከመይ ኢሉ ግን ሓደ ሰብ ዝኾኖ ወይ ክኾኖ ዝደልዮ ይስእን? ክኾኖ ዝደልዮ ዘይብሉ ሰብ፡ ሕጂ ዘይከውን ክብልን ክገብርን እንተተራእየ ብዘይጥርጥር ቅኑዕ ኣሎ። ዋላ እኳ ‘ግዜ ወርቂ እዩ’፣ ‘ኣይኮነን ፕላቲንየም እዩ ክበሃል ዘለዎ’ እናበሉ ዝከራኸሩ ሰባት እንተሃለዉ፡ ወርቅምን ካልእ ክቡር ማዕድኖምን ኣብ መሸማዕ ተተሰኪሞም ዝጉሕፉ ሰባት ኣለዉ። መጉሓፊ ወርቅምን ካልእ ክቡር ማዕድኖምን ዝኸውን ጉድጓድ ስኢኖም ዘማርሩ ሰባት ከኣ ኣለዉ። ኣዝዩ ዘገርም ናይ ፍጥረታት ምምራር!

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ምንባር ደቒቕ ብሓደ ዓይነት ናይ ምንቕቓሕ ስምዒት ምዃን ዘይግብራዊ ክመስል ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ መሰረታዊ ናይ ግዜ ኣረዳድኣ እንክዛባዕ ግን ኣይጽቡቕን። ብዛዕባ ዕምበባታት ወይ ብዛዕባ ህይወት ዝተዛብዐ ሓበሬታ ምሓዝ ማለት ከኣ ናይ ግዜ መቐስ ዘለዎ ሰብ ብምንዳይ፡ ካብኡ ዝሓለፈ ነቲ በዓል መቐስ ክኸፍለካ እንዶ ዕምበባታተይ ቀንጥበለይን መሓወለይን ማለት እዩ። ካብ ግዜ ዝጽብቕ ጽባቐን ጽባሕን ዘርኢ መስኮት ኣሎ ምባል መቸም ሓሶት እዩ ምባል ኣይውሕዶን።

ቅድሚ ምውዳእና ግን ናብ ዕምበባታት ንመለስ። መወዳእታ ዕምበባታት ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ መወዳእታ ህይወት ማለት እዩ። ናይ ዕምበባታት መወዳእታ እንታይ ኮን ይኸውን፤ ናይ ሰብ መወዳእታ እንታይ ኮን ይኸውን፤ መልሱ እቲ በዓል ቀጽሪ እዩ ዝፈልጦ። እቶም ኣብ ቀጽሪ ገዛኡ ዝጸንሕዎ ዕምበባታት እንተተኾስኪሶምን እንተረውዩምን ጽባሕ ርእይዎ ዘይፈልጥ ብርሃን ክርእይዎ እዮም። ካብ ሞት ዝድሕነሎም መድሃኒቱ ክኾንዎ ክቃመሙ ዘይክእሉ ኣይኮኑን። እቲ ውሳኔ ብኣንጻሩ እንተኾይኑ ግን ጽባቐ ዘይብሉን ዝዓረቐን ቀጽሪ ሒዙ ኮፍ ምባሉ እዩ። እቶም ትርፍራፍ ግዜያት ጽባሕ ኣብ ካልእ ልዕልና ዘብጽሑ ዕምበባታት ምዃኖም ዝተኣምነ እዩ። ክሳብ ጽባሕ ምጽናሕ!

## ሕብረተሰብ

# ምውሳን

ብንያም ኢሳይያስ

ኣማሓደርቲ፡ መራሕቲ፡ ዓበይቲ፡ መንእሰያት፡ ንኣሽቱ ኹላትና ንውሰን ኢና። ንጽቡቕን ሕማቕን ናይ ህይወትና ሓይሊ ውሳነና'ዩ ዝመርሓና። ውሳነ መሪሕ ናይ ህይወትና'ዩ። ውሳነ ንዉዳበ ማሕበራት፡ ጥርናፈ መራሕቲ፡ ወሳኒ ግደ'ዩ ዘጻውት። ከምኡ'ዉን ቅኑዕ ውሳነ ንዘተ ናይ ምዕዳም ተኽእሎኡ ርሒብ ስለዝኾነ ንግርጭት ናብ ዝተሓተ ደረጅኡ ናይ ምውራድ ልዑል ተራ ኣለዎ።

ኪኢላታት ምሕደራን ውዳበን ንውሳነ ክልተ ዓይነት ውሳነ ኣሎ ብምባል ይኸፋፍልዎ። እዞም ክፋላት፡ ቅርጻዉያን (ስሩዓት)፡ ዘይቅርጻውያን (ዘይስሩዓት) ተባሂሎም ይግለጹ።

* ቅርጻዉያን ውሳነታት፥ ዝኾነ ነገር ምስ ዘጋንፍ ብዘለዉ ሕግታት ወይ መምርሒታት ተደሪኽና ንውሰን። ኣብዚ ዓይነት ውሳነ ነቲ ዘሎ እምበር ናትና ኣይነተኣታቱን።

* ዘይቅርጻውያን ዉሳነታት፥ እዚ ዓይነት ውሳነ ኣወሳስንኡ ካብ ጉዳይ ናብ ጉዳይ ክፈላለ ይኽእል። ነገራት በብዝመጽኡዎ ብዝጥዕመና'ዩ ዝበልናዮ መገዲ ውሳነ ንህበሉ።

# ገለ ውሳነታት ግን ናይዞም ክልተ ዓይነት ውሳነ ጠባያት ብምጥርናፍ ንውስን።

ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ሓደ ውሳነ ክንውስን ምስ እንደሊ ክንሓልፎም ዝግብኣና መስርሓት ከምዘለው ይሕብሩና።

መስርሓት ኣዋሳስዳ ውሳነ፥

ዝኾነ ዘጓነፈ ሽግር ኣሎድዩ? ............... ብልሒ

እንታይ ዓይነት ኣማራጺታት ኣለዉ? ...... ንድፊ

ኖናይ ክመርጽ ኣለኒ? ............................ ምርጫ

እቲ ዝመረጽክዎ ይሰርሕድ'ዩ? ............... ትግባረ

ውሳነ ምውሳድ ዝተፍላለየ ንጥፈታት ዘጠቓልል እዩ። እዞም ልዕል ኢሎም ዝተዘርዘሩ ኹኣ ንሳቶም እዮም። በዚ ኣረዳድኣ ድማ ንሓደ ነገር ውሳነ ክንህበሉ ከለና ነዞም ኣርባዕተ መስርሓት ክሓልፍ ኣለዎ። ዝርዝሮም ድማ ይስዕብ። ብልሒ (intelligence)፡ ንድፊ (design)፡ ምርጫ (choice)፡ ትግባረ (implementation) ተባሂሎም ይግለጹ።

1) ብልሒ፥ ኣብዚ መስርሕ ጸገማት ምንጻርን ምርዳእን የጠቓልል። እንታይ'ዩ እቲ ጸገም? ኣበይን ብኸመይን'ዩ ዝጸልወኒ? ዝብል ሕቶታት ኣስተብህሎ ዘውሃቦም። ምርምርን ኣቶኪርካ ምዕዛብን ዝደሊ ክፋል ብምዃኑ ብልሒ ተባሂሉ ይግለጽ።

2) ንድፊ፥ ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል ጸገማትን ጽልውኦምን በሪሂልና ብምህላው፡ ይሰማማዕ ዝበልናዮ መልሲ ንድፊ ነውጽእ። እዚ ክፋል ሓሳባዊ ንድፊ ብምዃኑ ቀለልቲ ሞዴላት ብምድላው ቅልጡፍ ውሳነ ንኽንህብ ይሕግዘና። እዚ ክፋል ተዓጻጻፍነትን ረጊኢካ ነገራት ምጥማት የኽእለና።

3) ምርጫ፥ ንሓደ ኣጓኒፍና ዘሎ ጸገም ወይ ሽግር ክንፈትሖ ዓይነቱ ብምንጻርን ብምርዳእን ፈሊጥናዮ እንተ'ለና ንዕኡ ይበቅዕ'ዩ ዝበልናዮ ንድፊ'ውን ተዳሊና፡ ብዙሕ ኣፍደገታት ወይ ዕድላት ናይ ውሳነ ስለ ዝፈጥረልና፡ ነቲ ቅኑዕ ምርጫ ክንወስድ ኣለና። ኣብዚ መስርሕ ጥንቅቕ ዝበለ ኣመራርጻ ክንክተል ኣለና። ገለገለ እዋን ምርጫ ቅድሚ ንድፊ ይምጽእ'ዩ። ገለ እዋን'ውን ካብ ጸገማትና ምርጫና ዝበዝሕ ኲይኑ ንረኽቦ ኢና። ይኹን እምበር ንድፊ ብምውጻእ እቲ ክሕግዘና ወይ ከዋጽና ዝኽእል ምርጫ ክንወስድ ንኽእል ኢና።

4) ትግባረ፥ እዞም ልዕል ኢልና ዝሓለፍናዮም መስርሓት ብምኽታል ጽፈቱን ጽልውኡን ኣነጺርናዮ ስለዘለና ናብ ትግባሪኡ ክንከይድ ኣለና። ዕላማ እዞም ዝተኸተልናዮም መስርሓት ንትግባረ ስለዝኾነ ንምትግባሮም ድሕር ክንብል የብልናን። ነገራት ክትሓስቦምን ከተተግብሮምን ክፈላለዩ ስለዝኽእሉ፡ ኣብ ትኽተሎም ናይ ውሳነ መሳልላት ተዓጻጻፍነት እቲ ወሳኒ ረቛሒ'ዩ። ነዞም ክብ ኢሎም ዝተገልጹ መስርሓት ብምሕላፍ ዝተኣማምን ውሳነ ክንወስድ ንኽእል።

ምንጩ፡ book of manegment

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወረ/ፍ/ ሰዩም ምስየኽን ወረ/ፍ/ ሉታይ ሓጎስን ዝኾንኩም 1.ሰዩም ምስየኽ፡ 2.ፍረወይኒ ሰዩም ምስየኽ 3.ሔደን ሰዩም ምስየኽ 4.ንግስቲ ሰዩም ምስየኽ 5.ሙብራት ሰዩም ምስየኽ 6.ሙሉጌታ ሰዩም ምስየኽ 7.ብርሃ ሰዩም ምስየኽ፣ ብኣመልካቲ ኣቶ ፍጹም ገብረስላሴ ንዝቐረበልኩም ክርክር ብዕለት 20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ጀዋሃር ኣሕመድ መሓመድ፡ ብዋል ቤተይ እድሪስ ኣሕመድ ዑመር ስለዝተሰወኡ ኣነ ምስ 1 ጓሉን ኣቡኡ ኣሕመድ ዑመርን ኣዲኡ ዓፈየት ዑመር ዓብዱን ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ይቕረብ።

ከሳሲት ስቲ መርየም ሓሰን ዓብደልቓደር፥ተኸሳሲት ዓ/ፈታሕ ሓሰን ዓብደልቓደር፡ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ኣሰየስ ደሰታ ሃብተየም፡ ኣደይ ግምጃ ርእሶም ካሕሱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተኣብ ቀሺ ካሕሱ፡ ጓለይ ሔደን ሃብተኣብ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ብዋልቲ ቤተይ ሃንስ ወልዱ ተተካእቲ ደቅና ጥራይ ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣለም ኣዳል ሓጎስ፡ ኣቦይ ኣዳል ሓጎስ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 10 ህልዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና፡ ብዋልቲ ቤቱ ወ/ሮ ወርቁ ገብረመስቀል ብዙሓ ድማ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወሉ፡ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ፍረወይኒ ሓጎስ ወረታ፡ ብዋል ቤተይ ረዘነ ገብረሂወት ተኽለጻዮን ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታሕጓስ ብርሃ ወልደገብርኤል፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣንገሶም ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ኣብርሃም ወልዱ፡ ብዋል ቤተይ ተዛረ ያእቆብ በራኺ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንነ ከሳሲት ወ/ሮ ኣርሴማ ክብረኣብ መሓሪን ተኸሳሲት ወረ/ፍ/ ብርሃ ወልደሚካኤል ተሰፋየውሃንስ 1.ወ/ሮ ኣስመረት ገብረእግዚኣብሄር+4ን ዘሎ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ ቁ.1.የሴፍ ብርሃ ወልደሚካኤል፡ 2.እልልታ ብርሃ ወልደሚካኤል 3.ናህም ብርሃ ወልደሚካኤል 4.ሃና ብርሃ ወልደሚካኤል ንጹር ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብፍ/በ/መሰል ተኽለ በየነ ግደይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ 3.ዘበነ ካሳሁን 4.ቢኒያን ካሳሁን 6.ሰለሜ ካሳሁን ደረስ 7.ሰለሙን ካሳሁን ደረስ 8.ተማሰገን ካሳሁን ደረሰ፣ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ነብል ሸፋ ሰሌማን፡ ነፍ/ ፋጥማ እድሪስ እስማዒል ብዕለት 19/05/2023 ብስማ ዝተመዝገበት ስርሓት ጃፓን ዝኾነት ናይ ገዛ መኪና ቶዮታ ስታርለት ዝዓይነታ ቁ/ ቻሲ. JT1GONP700011337;ER-1B-6979 ዝታርጋኣ ናይ ገዛ መኪና፡ ዋንነተይ ክትከውን ዝገደፈትለይ ሰለዋ ክጽድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ገብረኣምላኽ ዓፉ በረኸትረበ፡ ሓፍተይ ጥምቀቱ ዓፉ በረኸትረቢ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ መዋቲ ተተካእቲ 21 ደቆም ካብዚኦም 2 ደቂ ነፍ/ሄራት ታብቱ ዓፉ በረኸትረቢ ኣድራሻኦም ይኹን ስሞም ኣይተፈልጠን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ፍርቱና ኣሰፋው እምባፍራሽ፡ ተኸሳሲ በራኺ ሃይለሚካኤል ሃብቱ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ምብራቕ በራኺ ተስፋጻዮን ምግል ተረፉ፡ ምብራቕ ተስፋይ ዑቕባስላሴ፡ ስም ኣደይ ዘውዲ ኢማን ምግል ተረፉ፡ ኣስመረት በራኺ ተስፋጻዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ሕድሩ ገብረመድህን፡ ኣደይ ጸገወይኒ ሃብተማርያም ማሉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ኤሸን ተኽልያ ኢሳቕ ብፍ/በ/ዕዳ CHINA COMMUNICATIONS CONSTRUCTION COMPANY ኣኪያዲ ሰራሕ ለዩ ጃን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ CHINA COMMUNICATIONS CONSTRUCTION COMPANY ኣኪያዲ ሰራሕ ለዩ ጃን ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሰልቫና መብራህቶም ከሰተ ምግል ተረፉ፡ ጆርጂና መብራህቶም ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/8/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ትርሓስ ሽሻይ ፍሩ፡ ተኸሳሲ ሳሙኤል ተከኤ ረዘነ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ኣርያም መልኣከ ኣሰፍሃ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ዓብሰል በዓህ ገብረመድህን፡ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ንግስቲ ብርሃ፡ ኪዳ ብርሃ፡ ኣዴና ሉተዝጊ እንዳዩ ዘወልዲ ስለዝዋረፈት፡ ንሕና ምስ 1ተተካኢት መዋቲ ሓውና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዳኒኤል ተከኤ ህያቡ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሕርይቲ ዮሃንስ ጸዮን ኑቲ ኣብ ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ሓወሲ ከተማ ሕብርቲ ኣብ ገዛ ከልከልቲ ተባሂሉ ዝፍለጥ ቦታ ኣቡታ ብጽሒታ ብድሕሪት ሓደ ሳሎን፡ ሓደ መደቀሲን፡ ሓደ ዓይኒ ምድሪ፡ ሓደ ክሽነን ዘለዎ ካብ ብጽሒታ ዝበጽሓኒ ወሀብቶ ክጽድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ለምለም ተስፋማርያም ካሕሳይ፡ ብዋል ቤተይ ካሕሳይ ርእሶም ገብረእግዚብሄር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቦቆል ኣሰፍሃ እምባዩ፡ ኣቦይ ኣሰፍሃ እምባዩ ወልደማርያምን ኣደይ ተግባሩ ኣስገዶም ሓድጉን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 መውትቲ ኣሕዋተይ 12 ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምዃኖና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ ኣሃኒያ ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ ርግኣት ገብረጊዮርጊስ ምግል ተረፉ፡ ርግኣት ተስፋጊዮርጊስ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑሶማን ሮሞዳን ሰዒድ ምግል ተረፉ፡ ዑስማን ሮሞዳን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትምኒት ተስፋኣለም መንግስትኣብ ምግል ተረፉ፡ ትምኒት ተስፋኣለም መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምረት ካሕሳይ እማሃጸዮን፡ ብዋል ቤተይ ጊላይ ሰረቐ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

መሰረት ወልደሰላሴ ተኽለሚካኤል ምግል ተረፉ፡ ኣሰርም ወልደሰላሴ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ምሕረትኣብ ተኸስተ ኣብርሃም ምግል ተረፉ፡ ምሕረትኣብ ከሰተ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ይሕደጋ ተኽለሃይማኖት ምግል ተረፉ፡ ይሕደጋ ተኽለ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ኣብርሃ ወልደጋብር፡ ብዋል ቤተይ ሃብቶም ኢሳቕ ወልደሩፋኤል ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ክብሮም ግርማይ ኣስመላሽ፡ ወለደይ ግርማይ ኣስመላሽ ገብራይን ሂወት ኣብርሃም ኣስቱን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንነ ኣመልካቲ ወራሲ ነፍ/ ሄር ኣርኣያ የዕበዮ ገ/ማርያም ኣቶ ተኽሊ ኣርኣያ የዕበዮ ተጸዋዒት ወ/ሮ ትርሓስ ወልደገብርኤል ብዘሎ ናይ ገዛ ምልቃቕ ጉዳይ፡ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ሮዳስ ጠዓመ ገብረሂወት ምግል ተረፉ፡ ኤልዳና ጠዓመ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወራ/ነ/ሄራት ትንሳኤ ኣሰፍሃ ወራ/ነ/ ሄራት ምሕረት እምባዩ ኣቶ ፍትሓዊ ተወልደ፡ ተጸዋዕቲ 1.ጸገሬዳ እምባዩ 2.ሰምሃር ተወልደ 3.ልዋም ተወልደ 4.ሙሴ እምባዩ 5. ብርሃ እምባዩ፣ ናይ ውርሲ ምቕሊት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ከሳሲት ሰላም ተስፋይ፡ ተኸሳሲ ኀይትኦም ግርማይ ጺጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቤል በረኸት ወልደሃይማኖት ምግል ተረፉ፡ኣቤል በረኸት ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ወልደዝብርኣል ደስታ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ተኽሊ ተላ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን8 /10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣብ መንጎ ኣመልካቲ መንግስትኣብ ወልደርፍኤል ታረረ፡ ተጸዋዕቲ መማህር ኤልሳ +5 ኣብዚ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ ብናይ ምክፍፋል ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ተጸዋዕቲ 1.ዶ/ር የማን ወልደርፍኤል ታረረ 2. ኣቶ ሰለሙን ወልደርፍኤል ታረረ 3.ወ/ሮ ነ/ፍ ጸሃይ ወልደርፍኤል ታረረ ተተካእቲ 1.ወ/ሮ ኣስፉሽ ለኣከ 2.ወ/ሮ ኣዜብ ለኣከ 3.ኣቶ ተወልደመድህን ለኣከ 4.ወ/ሮ ርግኣት ለኣከ 5.ኣቶ ዳንኤል ለኣከ 6.ኣቶ ተስፉ ለኣከ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ተኸሳሲ ስምረት ደበሳይ፡ ከሳሲት ወ/ሮ ፍትሓዊት ወ/ዝብርኤል ገ/መድህን፡ ናይ ኣጥት ክሲ ማስረታትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሂሩት ጋይም ወልደጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ሕርይቲ ጋይም ወልደጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮኾብ ዝብረማርያም ዝብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ዳዊት ዝብረማርያም ዝብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ጺጋ ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ማሓሪ ዝብረገርግስ ንጉሰ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን29 /9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥማ ማሓመድ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ፋጡማ ኣሕመድ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኢየሩሳሌም ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ቢንያም ገረሰስ ወልዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ምሕረት ተኽለማርያም ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣስመላሽ ሃጸለ ሃብቱ፡ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከበል ራእሱ ዑቕባሚካኤል፡ ኣብና ራእሱ ዑቕባሚካኤልን ንግስቲ ደስታ ጎሉን ስለዝዋረፉ፡ 6 ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ፍጡማ መሓመድ ኑር ዑመር፡ ስም ኣደይ ሰላሓ መሓመዲ ምባል ተሪፉ፡ ሓሊማ መሓመድኒ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በርሀ ክብረኣብ ድራር ምባል ተሪፉ፡ በሪሁ ክብረኣብ ድራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ህይወት ጉዕሽ ዘግታ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጸጋዝኣብ ሓጎስ ገብረመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ መብራህቲ ጎይትኦም ሃይሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቱኣብ መብራህቶም ደስታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ነጋሽ ሓጎስ፡ ወደይ ተባረታዕ ቀላቲ ሃደለ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ገብረእግዚኣብሄር ኣስመላሽ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ገብርኣብ ኣስመላሽ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክብሮም ተስፉማርያም ጸጋዝኣብ ምባል ተሪፉ፡ ገብረእግዚኣብሄር ተስፉማርያም ጸጋዝኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከሳሲ ኣደም ኣሕመድ ኣደም፡ ተኸሰስቲ 1.መሓመድ ሰዒድ ሕጃይ 2.ሓሊማ ዓብደላ እድሪስ፣ ናይ ሰበል ክርክር ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሽሻይ መንገሻ፡ ኣደይ ኣብርሀት ዝብረሂወት ዝብራይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ሰሚራ መሓመድዓሊ እድሪስ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ስበሃቱ ተኽለሰማቡት ዘርእዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ስበሃትላኣብ ተኽለሰማቡት ዘርእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ፋጥና ሕሰን መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ሕሴን መሓመድዓሊ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓሰና ዐስማን ከሊፍ ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ሓሰና ዐስማን ከሊፍ ዓማር ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሚኤል ተስፋጋብር መሓመድናን፡ ኣዴና ምሕረት ጅምዕ ደቢን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ጅምዕ ማሕሙድ ሕመድ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኢንጅነር ጊዮርጊስ ዓፋ፡ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ክርክር ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ራሄል ጣሀር ዓሊበኺት፡ ተጸዋዒ ወላዲያይ ኣቶ ጣሀር ዓሊበኺት ሐሴን፡ ደዋ ስለ ዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/9/26 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ መይሙና ሓምድ ዑመር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፋይሰል ኣሕመድ፡ ንቀለብ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/9/26 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ዘርኣብሩኽ ራእዩ ያቀብ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ራእዩ ያቀብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይሽ ኣምለሶም ዑቕባክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ሓጎስ ኣድሓና ኣርበድ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ገርጊስ ዞሚካኤል ኖር፡ ወለድና ዞሚካኤል ኖር ሃሰሪ 2.ሰንበቱ ህያቡ ፍቱኩ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 11ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ፋይዛ ሰሌማን ሳልሕ ኣሕመዲን ምባል ተሪፉ፡ ራይዛ ሰሌማን ሳልሕ ኣሕመዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

እህሳም ፈይሰል ምባል ተሪፉ፡ ከዲጃ ፈይሰል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሰድ ርእሶም መሻሾ 2.ት/ዕድመ ኣብሰሎም ርእሶም መሻሾ፡ ስም ኣዴና ሮግኣት ተኽሉ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ደርጋኣለም ተኽሉ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ዓንደሚካኤል ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ነበር ኣቶ መንግስትኣብ ኢሳቕ ገብረመድህን ኣብ ወርሒ 07/2013 ካብ ሃገር ምስ ወጸ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ሰድ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ይ/በዚሊ ኣቶ ባህልቢ ሃይለ ኣድጎይ፡ መልሲ ወሃቢ ኣቶ ናህም ገብረንጉስ ዑቕባሚካኤል ዘርከብ ናይ ይግባይ ክርክር ጉዳይ፡ መልሲ ወሃቢ ኣድራሻኻ ክርከብ ስለዘይከኣለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን288/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ጥና ፋጉስ ሰለሙን፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ ገብረኪዳን ገብረሃንስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣቡኡ ገብረኪዳን ገብረሃንስ ተስፋይን ኣዲኡ ስላስ ገብረሚካኤል ግርመን ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሻሾ ስበሃቱ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ መሻሾ ባህታ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሩፋይድ ኢብራሂም ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ተሪፉፈንሳእ ኢብራሂም ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደስታ ተስፋይ ፍስሃ፡ ተጸዋዒ ድራር ኢያሱ ረዳእ ካብ 8/25 ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መሓሪት ሃይለ ገብረእየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ምሕረቱ በርሀ ገብረስላሴ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሽሻይ ተስፋይ ወልደጊ፡ ተኸሳሲት ዳናይት ሃብተሚካኤል በርሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ሃብተጋብር ጸጋይ፡ ካብ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣኽበረት ባይሩ ግርማጼን ዋንነታ ዝነበረት ናይ ጽዕነት መኪና፡ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-3-A-3532 ስርሓት ቮልክስ ዋገን ቁጽሪ ቻሲ WV2ZZZ-24ZOH080617 ብቁጽሪ ዋንነት 55849 ዝተመዝገበት መኪና ብውህብቶ ዝወሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ሃብተኣብ ተሰፋዝጊ ተኽሉ፡ ኣደይ ወ/ሮ ጸገ ሃጸለ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ወ/ሮ ርግበ በርሀ ማኣሉ፡ ተኸሳሲ ዘርኣይ ኣደል ዘምህረት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ርሻዳን ወረደ ክፍለሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሩታ ወረደ ክፍለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ኢማን ዑስማን ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ኢማን ዑስማን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሓደሽ ኣያብ ወልደዝብርኣል ምባል ተሪፉ፡ ጴጥሮስ ኣያብ ወልደዝብርኣል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓሪ ፍትዊ መሻሾ ምባል ተሪፉ፡ ሃብተወልድ ፍትዊ መሻሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓበን ነጋሲ ስልጣን ምባል ተሪፉ፡ ገብረሚካኤል ነጋሲ ስልጣን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መሓመድ ዑስማን ሓመድ ምባል ተሪፉመሓመድ ዑስማን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣደም መሓመድ ፍረጅ ምባል ተሪፉ፡ ኣደም ማሕመድ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ያዘድ ዓብደላ ሙሳ ምባል ተሪፉ፡ ያሰር ዓብደላሙሳ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

በርሀ ክሱተ ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ በርሀ ክሱተ ተስፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ክብሮም ትኩእ ወልደኣብ ወልደጻን ምባል ተሪፉ፡ ክብሮም ተኪኤ ወልደኣብ ሃብተጻን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ማስቀላ መሻሾ ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ምሕጹን ተስፋጊየርግስ መንደር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/26 ኣብ ቤፍ/ ይቕረብ፡፡

---

ኣመልካቲት ምሕረት ተኽለገርግሽ ተኽለሚካኤል፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ምምሕዳር ከባቢ ማእከላይ ሰፈር ዚፕ ኮድ 1A132 ጎደና – ቁ.ገዛ 81 ፕሎት GABA ፓርሰል 902 ስፍሓቱ 116.49 ት/ሜ ፕላን ዘይብሉ ከበ፤ ኣብ ኖታሪ ቁጽሪ ውዕል 8681 ዕለት ውዕል 08-JUL-2025 ዝመሓላለፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ካብ ኣልማዝ ሓደሽ ኣርኣያ +7 ስለ ዝገዛእክዎ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ተኽለገርግሽ ተኽለሚካኤል

---

ብስም ኣቶ ኢብራሂም ኣማን ነጋሽ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 8977 ቁጽሪ መዝገብ 7845 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ ዘገልግሉ ኣቑሑ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣድያም ብርሃ፡ ኣድራሻ ሃገር ኡጋንዳ ዓዲ /ከተማ ሉዋንዳ ተሌፎን – ካብ ዕለት 01/1/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/28 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ የቕርብ፡፡ እንተዘይ ኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ኢብራሂም ኣማን
ሕጋዊ ወኪል ከድጃ ኢብራሂም

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ናይ ዝርከብ ብስም ወ/ሮ ኣሙተጼን መንግስቱ ግርሙ፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 103861 መወከሲ ቁጽሪ 123858 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺብዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07456858 ክትሕብሩኒ፤ እንተዘይኮይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ለምለም መንግስቱ

---

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ን/ዞባ ኣቑርደት ከተማ ኣቑርደት ምም/ከባቢ 01 ጎደና ሸኽ ዓብደልቃድር፤ ብቑ. ምስክር ወረቐት 320442 መወከሲ ቁ.320088 ብስም ወ/ሮ ግበሉት ከቢን ዘርኡ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ልብሬቶ ናይ ገዛ ስለጠፈኣና፡ ረኺቡዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ.ቴሌፎን 07220761/07116251 ደውሉ ደርከቡ፡፡ እንተዘይ ኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ግበሉት ከቢን ዘርኡ

---

ንሕና ወ/ሮ ኣሲያ ዓጣ ዓብደልኑርን ኣቶ ሰሌማን ዓጣ ዓብደልኑርን ዝተበሃልና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ከባቢ ምህራም-ጭራ ፕሎት 25 ፓርሰል K ዚፕ-ኮድ 1A134 ጉደና 134-6 ቁጽሪ ገዛ 84 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRASM019770/0 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ምቕሊት ገደርና በብጽሒትና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፤ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣሲያ ዓጣ ዓብደልኑርን +1

---

ኣመልካቲት፡ ዑቕባልደት ከተም ዘርኡ +2 ካብ ወረ/ነፍ/ጋረባልዲ ሊኖ ዝዓደግናዮ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 78 ፓርሰል Y1 ጎደና 177-1 ቁ.ገዛ 15C ስፍሓቱ 448.76 ት/ሜ ዝኾነ ቪላ ገዛ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM022052 ብስም ነፍ/ ጋረባልዲ ሊኖ ዝተመዝገበ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳይና ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ዑቕባልደት ከተም

---

ኣመልካቲት ኑርያ ሓምድ መሓመድ፡ ኣብ ን/ዞባ ሰምባል (ቦንድ) ጎደና 867-404 ዚፕ 1A867 ፕሎት 273 ፓርሰል N ስፍሓት መሬት 499.36 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018921ብስም ኪዳነ ገብረመድህን ገብረስላሴ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ፍርቂ ክፋሉ ኣብ 249.68 ት/ሜ ተደኲቱ ዝርከብ ዝዓደግናዮ ገዛ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፤ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኑርያ ሓምድ መሓመድ

---

ብስም ግምጃ መንግስትኣብ ዘራጼን፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00041282 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ባሕሪ ባራ ቁ.ገዛ 03 ዝርከብ ናይ ባርን ፋሰት ፉድን ትካለይ፡ ንኣቶ እስቲፋኖስ ክብሮም ገብረሂወት፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ጎደና 131-1 ቁ.ገዛ 3 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 30/06/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፤ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ግምጃ መንግስትኣብ ዘራጼን

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ

ጸኣት ትምህርቲ ንምምሃል ህዝባዊ ሓይሊታት ግና ብዊልቶም ካብ እግሪ ተኸሉ ጀሚሩ ልዑል ጠመተ ብምሃብ ብመንገዲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይትን ክሰርሓሉ ጀሚሩ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ዓመታዊ ዝጸና ባጀት እናሰልዑ ዓቕምን ፍልጠትን ዜጋታቱ ብትምህርቲ ንምብራኽ ክሰርሕጸኒሑን ኣሎን። ከም ወጽኢቱ ዓመታዊ ካብ ዝዝረሓለዩ ሳልሰምትን ሚእለትትን ተላለት ትምህርቲ ዝተመረቹ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ተማሃሮ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ሃገር እጃሞም ኣብ ምብርካት ይርከቡ። ማለት ናይዚ እቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተበገሰ ወፍሪ ምጥፋእ መሃይምነትን መደብ ትምህርቲ ንዓበይትን ምኽኑ ምዝካርን ምፍላጥን የድሊ።

ዝምዲ ልምዓት፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ንሰማን ራእይን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብሓጺሩ ንኣብ ደቐናትን ድሕሪ ማስመርን ኣብ ሰሬሕ ከበታት ሃገርናን ኣብ ሱዳን'ውን ከይተረፈ ህዝቢን ተጋዳላይን ኣብ ሰውራሉ ዝበሮ ኣመኽኒኽታን ንቕሓትን ዘርኽ ድንቂርና ንምጥፋእ ብስኢኑ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርትን ንዓበይቲ ዝወሃብ ዝበረ ኣገልግሎት ትምህርቲ ከመይ ከም ዝመሰለ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣቶ ገብረዝጊ ድማም ኣብቲ ኸፍሊ ሓላፊ ጨንፈር ምውጣንን ምምሃልን ካሕለም ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ተኻሮ ኢዮሙትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ቃል ማሕተት ብኽፊሉ ኣቕሪብ ነይሩ። ካልኣይ ክፋል ይቕጽል...

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ካልኣይ ክፋል

**ሕራይ ኣቶ ገብረዝጊ፡ ኣብቲ ፈለማ ዕማም መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ክትፍጽም ቀሊል ስራሕ ኣይነበረን። ኣብቲ ማስርሕ መምህር ኮይኑ ክጥዓእ ዝተመደበ ሰብ፡ ናበይ ክወፍር፡ መዓስን እንታይን ዓጢቑ'ዩ ክምህር፡ ምቕጻሉት ፍጹም ዘይነበረሉ ግዜን ቦታን ጸገሙርን ከቢድን መድረኽ'ዩ ሓሊፉ። እዚ ብቓላት ክግለጽ ክሳብ ክንዲ ምንታይ ይከኣል፧ እዚ ኩሉ ሓሊፉ እቲ ወጽኢቱ እንታይ ይመስል ነይሩ፧**

"እዚ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዞቐደናሉ ኣብ ግዜ 6ይ ወራር 1982 እዩ። ኣብኡ ዝበርና ብኣካል፡ ዘይነበርና ድማ ብታሪኽ ንፈልጦ ኢና። እዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ኣብ ቃልሲ ንሓርነትና ካብ ዝመረሩ መድረኻት ሓደ ነይሩ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ወራር ሓያል ርብርብ ድሕሪ ምኪያድ፡ ጸላኢ ብዘተሞገዲ ዘፍ ኣብ ዝበለሉ መድረኽ ድማ እዩ ወፍሪ ዘሙት ምጥፋእ መሃይምነት ክቶዩድ መደብ ወጺኡሉ። ወፍሪ ዘሙት ዝተበገሰሉ ግዜ 6ይ ወራር፡ ሓደገ ናይቲ ወራር ግና ከይቀዛሙ፡ ሰሉሕታ ማለት 7ይ ወራር ሰዒቡ። እዚ እውን ሓደገኛ ኩነታት ዘይፈጠረ ኣይነበረን። እንቋዕ ግዳ ኣይነውሓ'ምበር፡ ብሕልፊ ኑቲ ኣብ ድሕሪ ማስመር ዝቐደድ ዝበረ ወፍሪ ዘሙት ምጥፋእ መሃይምነት ብዝዩ መጠን'ዩ ጸልዩዎ። ብቓላት ክትገልጾ ክሳብ ዘጸግሞ እቲ ኩነታት ኣዝዩ ጸገሙር እዩ ነይሩ። እዚ ብወገን ኣነ ዝበርክዎ ዞባ ሰሜን ከም ኣብነት ዝጠቐሶ ዘለኹ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኩሉ ዞባታትን ከበቢታትን ካብዚ ዝጠቐሶ ዘለኹ ዝሕይልን ዝጸገመርን'ምበር፡ ዝፈኮሰ ኣይነበረን።

"በዚ ኢጋጣሚ ክጠቕሶ ዝደሊ ኣብ'ቲ እዋን ህዝቢ ዞባ ሰሜን፡ ሓያል ጥሜት፡ ኣብ ከቢሳታት በብእዋኑ ጻዕቂ ምንቅስቓስ ወዶ-ገባ ዝንጸብረቐሉ በቲ ኻልእ። እዚ ኹሉ ተደሚሩ፡ ኣብ ዘሙትትቲን ህዝቢን ብዙሕ ጸገምን ሓደጋን ዝፍጽመሉን ዝወርደሉን ኩነታት እዩ ነይሩ። ኣብ ላዕላይ ባርካ መንሱራን ከባቢኡን እውን ብዘመሳሰሊ ነይረ'ዩ። እቲ ከባቢ ጫፍ ከቢሳን ባርካን ዝራኸበሉ ቦታ እዩ። ኣብኡ ኸኣ ብሸነኽ ምዕራብ 5ይ መስርዕ ነይሮም። ቓጻ ብሓደ ወገኑ ሕሰም ጥሜት ከኣ በቲ ኻልእ ህ ዝ ቢ. ዝበጽሖ ደልዩ ሳዕሊን ታሕቲን ዝበለሉ ዝበረ እዋን ብምንባሩ፡ በዚ ምኽንያት እቲ ከባቢን ኩነታትን ጸገሙረ ነይሩዎ።

"ብዘይካ'ዚ፡ ዘይምቹእ ኩነታት ዝፈጠሮ፡ ምዝላቕ ዘሙትቲ መምህራን እውን ነይሩ እዩ። ሓንሳብ ሓንሳብ ሰላም ክንምህር ቀኒና ሃንደበት ጸላኢ ወፊሩ ኣሎ ይበሃል'ሞ ክዘልቕ። ምስ ምሉእ ንብረትና ክንዘልቕ ስለ ዘይከኣል ድማ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘገልግሉና ናውቲ መምሃሪን ካልእን ክንቀብሮም ንግደድ ነይርና። ጸላኢ ናብ ቦታኡ ምስ ተመልሰ እንደገና ናብ ቦታና ኣብ እንምለሰሉ፡ መጽሓፍትናን ካልእ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘገልግሉና ናውቲን 'ኣብ ርእሲ ዞሎታ ተወሰኸቲ' ከም ዝበሃል፡ ብፍልሖ ተበሊያም ይጸንሑና። ይኹን'ምበር ንብረትና ብፍልሖ ተበሊዑ ኣልካ ዝኮናደብ ስራሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣይነበረን። ኑቶም ዝተበልዑ ነገራት (ናውቲ) ዝተፈላለዩ ነገራት ተጠቒምካ ብምትካእ እቲ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ስራሕ ይቕጽል። መሳለጥያ ምህሮ ሰሌዳ ኣይነበረን። መምህራን ግን ተጣበብም ኣብ ክንዲ ሰሌዳ እንተሰ ቁርበት እንተሰ ሞቑሎ ብምጥቃም እቲ ትምህርቲ ይቕጽል።

"ካልእ ኣብቲ ዘበርኩሉ ከም ብደሆ ዝበረና ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብ ናይቲ ኣብቲ ከባቢ ዘበርናሉ እዩ ነይሩ። ሕብረተሰብ ናይቲ ከባቢ፡ ኣዝዩ ሓላዪን ድሑር ልምዲታትን ዝበሮ'ዩ ነይሩ። እዚ ከይኣክል፡ እቲ ቦታ ዓሳዊ እውን እዩ ነይሩ። ስለ ዝሾ፡ ሰብ ብብዝሒ ዓሶ ይሓምም ነይሩ። ኣብዚ እውን ኣብ ምፍዋስ ናይቲ ሕማም፡ ኢጋር ሓኪይም ምሂርና መድሃኒት እናዓደልና ንህዝቢ እናገላገልናን ክንቶጻጸር ንቃለስ ነይርና። ከምኡ ምግባርና፡ ኣብ ኣተሓሳስባ ናይቲ ሕብረተሰብ ክንለውጥን ህዝቢ'ውን ንቕሓቱ ክዓዝዝ ጀሚሩ።



ተሳታፍነት ኣደታት ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት

"ካልእ እቲ ዘበርናሉ ከባቢ ሰለስተ ብሄራት ብሰላምን ስኒትን ዝነብሩሉ ዝበሩ'ዩ። ኣብዚ ኣብ ሰለስቲኡ ብሄር ኣሉ ገዚእ ርእሱ ባህላዊ ድሕረባይታ ስለ ዝበሮ፡ መረዳእታኡ ኣብ መዓይ ወለድ (ሕርሲን ጥንሲን) ንምሕያል ብደሆ ነይሩና። ኣደታት ምስ ሓረሳ እንደገና ክሰፈያ ዘፍቅድ ባህሊ ዝበሮ እዩ ነይሩ። ተሰፍያን መግቢ ከይበልዓ ሰሙንን ልዕሊኡን ይጸንሓ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ብዙሓት ካብኣተን ዳሞግይ ዝሰፈያ ዝበራ ኣደታት ግዳይ ሞት ይኾና ነይረን። ዝ ንምግታእ ምስና ዝበራ ሞያ ሕክምና ዝበረን ዘሙትቲ ደቀንስትዩ፡ 'እዚ ቁምነገር ዘይብሉ ሃላዩ ልምዲ እዩ። ናብ ዝቐረበ ሕክምና ወሲድና ባዕልና ክንሕክመክን ባዕልና'ውን ክንቕልበክን፡ ኣብ ትሕቲና ብሰላም ሕረሳ' ብምባል ንሱብኣተን እናረድኣ ከም ሕሰም'የን ዝቃለሳ ነይረን። ንልምዳውያን ከንሹብቲ ኣደታት፡ ቁልዑ ከንሽጠን ዝረኽባኦ ረብሓ ስለ ዝበረን ዋጋ ናይቲ ከንሽጠን ዝረኽባኦ ኢታዊ ክንህበክን ኑቲ ጉዳኢ ስራሕ ኣቋርጸኦ እናተባህለ ድሒሩ ለውጢ ዘምጽአ ከንደይ ቃልሲ እዩ ሓሊፉ።

"ካልእ ጥቕሚን ወጽኢትን ወፈራ ዝምልከት፡ ኣብ ህዝቢ ብዙሕ ኢና ገቲሾናሉ። ገለ ካብኡ፥ ህንጸት ኣባይቲ፥ ወፈራ ኣብ ዝጠልቡ ህይወት ገጠር፡ ጽሬት ኣደን ኣቦቢን ብሓቦርን ብወፈራን ከም ዝንጠፈሉ ሰሪሕናሉ። እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣብ ሕብረተሰብ ናይ'ቲ ከባቢ ዝመጽአ ለውጢ ቀሊል ኣይነበረን። ካብዚ ብዝይፍሉ ኣብ ንጥፈታት ባህሊን ስፖርትን እውን እቲ ህዝቢ ከም ዝጥፈሉ ገይርና ኢና። ኣብ ባህላዊ መዓይ ኣብ ባህሊ፡ ግጥምታት፡ ደርፊታት፡ ኣብ ስፖርት ድማ ብፍላይ መንቋሕቋሕታ ዝበሮም ሓረስቶትን ነጋዶን ጋንታታት ብምቛም ኑሓድሕዶም ከም ዝወዳደሩ ንገብር ነይርና። እዚ ንርእሱ ኣብ ሕብረተሰብ ናይቲ ከባቢ እዚ ዘይበሃል ንቕሓት እዩ ኣምጺኡ። እዚ ክብል እንከለኹ ግን ናይ ወዶ-ገባን 5ይ መስርዕን ሓያል ተጻብኦ ስለ ዝነበረ፡ መምህራን ቀትሪ ምህሮ ወዓልና ምሸት ካብ ዓዲ ወጺእና ኣብ ፈቐዶ ሸንኮሮታት ፋሕ ኢልና ኢና ንሓድር ነይርና። ንጸባሒቱ ንግሆ ተመሊስና እንደገና ኣብ ልሙድ ስራሕና ንጽመድ። ኮታ፡ መምህራን ሕብረተሰብ ኣብ ኩሉ መዳያቱ ለውጢ ክምጽኡ ምስ ሕብረተሰብና ልዑል ምትእስሳር ዘለዎም ደረት ኣልቦ ዕማም ተሰኪምና ኢና ኣብ ዊጽናዮ። ምስ ሕርሻ፡ ሕክምና፡ ተራድኣታት፡ ኣብ ዓሳዊ ቦታታት ህዝቢ ዓሶ ከይሓምም ብኸመይ ተድሕና፧ ብዙሕ ተመኩሮታት ተኸሲቡ። እዚ ምናልባት በቲ ኣነ ዝበርክዎ ከም ኣብነት ዝጠቐሶ ዘለኹ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኩሉ ከበባታት ተመሳሳሊ ስራሕ'ዩ ዝፍጸም ነይሩ። ከም ወጽኢቱ ዝሓየለ ክብሃል ዝከኣል ተመኩሮታት'ውን ተቐሲምሉ ክብል እኸእል። ኣብ ዝቐጸለ ኣብኡ ዝበሩ ብስፊሑ ክገልጽዎ ዝኽእሉ ኣካል ናይዚ መደብ ብምኻን ኣብ ሱዳን ይቕየድ ካብ ዝበረ ንጥፈታት ዝተቐስመ ሰፊሕ ተመኩሮ እውን ኣሎ።

"ዝኾነ ኮይኑ እቲ ጥምጥም መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ጥራይ ግን ኣይነበረን ዝቐደድ ነይሩ። ልክዕ'ዩ እቲ ዕላማ መሃይምነት ንምጥፋእ ዓሊሙ ዝተበገሰ ይኹን'ምበር፡ ማዕረ-ማዕረኡ ሰሩዕ ትምህርቲ ንቘልዑን ንዓበይትን (ናይ ሓረስቶት፡ ኣደታት፡ ጓሶትን መርዑን) ብምባል በቲ ዝጥዕሞም ወዲብና ብምስራዕ ንምህር ነይርና። ብኸምዚ ተኣምራታዊ ብምባል ክግለጽ ዝኽእል ጥበብ ተጠቒምና ድማ ኢና ካይዶ ዝበርና። ገለ ካብኡ፡ ኣደታት እናጠሓና እናለንቀጣን እናደገማ ክንሰብ ብምባል ሕሳብ፡ ኣብ የማን ጸጋመን መጥሓንን መለንቀጥን ኣብ ገለኡ ድማ ኣብ ቆፎ በጦ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ተጻሒፉለን ከም ዘጽንዕኦ ይግበር ነይሩ።

"ተደጋጊሙ ከም ዝተገልጸ ህዝቢ ናይቲ ዝበርክሉ ከባቢ፡ ደርቂ ዘስዓቦ ዝበሮ ጥሜቱ ክሰንግል ዘይገብሮ ኣይነበረን። ኣብዚ ንኣብነት፡ ንቡን ዝመሳሰል ኣዝዩ መሪር መቕረት ዘለዎ ሓምታ ዝበሃል ነይሩ። ኣደታት ፈለማ ይኣርያኦ፡ ሰለስተ ግዜን ደጋጊመንን ይሓጽባኦ፡ ብድሕሪ'ዚ፡ ቁሩብ ኣዳጉራ ወይ ማሽላ ብምሕዋስ ጠጢቐን ደቀን ብምዕንጋል ንሕሰም ጥሜትን ጭንቂን ናይቲ ጸገሙር እዋን ዝሓለፋኦ ካብቲ ክርሳዕ ዘይብሉ'ዩ። እቲ እዋን ግን ንህዝቢ ጥራይ ኣይኮነን ጸገሙር ነይሩ፣ ንሰውራ እውን እቲ ዝኸበደ መድረኽ'ዩ ነይሩ። ምስ ህዝቢ ምድግጋፋቱ ግን ኣይገደፍናን። መምህራን'ውን ብዓቕምና ንተሓጋገዝ ነይርና ኢና። ዝ ኹሉ ሕሰም ጥሜት ተደሚርዎ ጸገሙር እዋናት ይኣክርዎምበር፡ ውድብን ህዝብን ብዓቕሊን ትዕግስቲን ሳላ ዝተጓዕዝና፣ ለውጢ ኣምጺኡ ተዓዊትና ኸኣ። ኣብ ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብና ብኸንደዚ ኣልካ ዘይልካዕ ለውጢ መጺኡን ቀጻሪ መሃይምነት ዘጥፍኦ ሕብረተሰብና ካብ ትጽቢት ወጻኢ በርኪኡ።

ይቕጽል...



ኣቶ ገብረዝጊ ድማም



መሃይምነት ኣብ ምጥፋእ እትርከብ ኣደ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዶክመንታሪ - ዘይክኣል የሎን |
| 14:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 15:35 | ፓኖራማ |
| 15:50 | መደብ ጽባቐ |
| 16:15 | መደብ ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ፈደረሽን ስልጠና ናይ ደያኑ ሂቡ



ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ትሸዓተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 32 ደያኑ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ፈደራል ደያኑ ዘዕብዮም ስልጠና ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

ኣብቲ 30 ካብ ዞባ ማእከል፡ ሓሓደ ከኣ ካብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን ጋሽ ባርካን ዝተዋጽኡ ደያኑ ዝተሳተፉሉ ስልጠና፡ ናይ ኣካላዊ ብቕዓትን ምሕደራ ጸወታን፡ ሓደሽቲን ዝበሩን ሕጋጋት ኩዕሶ እግሪ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሃገራዊ ፈደረሽን፡ ዕቤት ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ንምርግጋጽ ካብ ዘካይዶም ዘሎ ስርሓት ሓደ፡ ብቑዓት ደያኑ ምፍራይ ኮይኑ፡ ደያኑ ኣብ ተዋሂቡዎም ዘሎ ስልጠና ናቶም ጻዕሪ ብምውሳኽ ብትግሃት ከገልግሉ ተላቢዩ።

ስልጠኑ፡ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም ስልጠና ኣብ ሞያኦም ዘለዎ ተራ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምግላጽ፡ ምስጋና ምቕራቦም፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት . . .

ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ፡ ውድድር ኣትሌቲክስ ዝተፈላለዩ ርሕቀትን ዕድመን ኣሰላሲሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ውድድር ትሕቲ 17 ዓመት 800 ሜተሮ፡ ኣደሃም ዓብዱሰላም ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ሄኖስ ቢንያም - በርኽ ከምኡ’ውን ናኤብ መርሃዊ ካብ ሰንበል ተዓዊቶም።

ኣብ 100 ሜትሮ፡ ሚሮን ተወልደ - ሰምበል፡ መብሩክ ኣሕመድ - ጋላ ነፍሒ፡ ሚልኪያስ ጎይትኦም - ጉዳይፍ ተዓዊቶም። ብደቂ ኣንስትዮ ደማ፡ ንኣሚ ያቆብ - በርኽ፡ ብርኽቲ ዓንደብርሃን ትእማር ወልደሚካኤልን ካብ ሰረጀቓ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮን።

ብትሕቲ 15 ዓመት ኣብ 100 ሜትሮ፡ የሴፍ ቢንያም - ገጀረት፡ ሳሚኤል ኣብርሃም - ሰንበል፡ ያፌት ቢንያም - ዕዳጋ ሓሙስ፡ ከምኡ’ውን ሉልያ ተወልደ - በርኽ፡ ማርታ ጥዑምዝጊ - ጋላ ነፍሒ፡ ኤልዳና ሳሚኤል - ኣቦኻውል ተዓዊቶም።

ብናይ ትሕቲ 13 ዓመት ውድድር 100 ሜትሮ፡ ኣቤል ተወልደ - ጋላ ነፍሒ፡ ሃናኤል ኢሳቕ - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ የስኣብ ክፍሎም - ጋላ ነፍሒ፣ ብደቂ ኣንስትዮ ደማ ኣርሴማ ረዘነ ሚለን ሚካኤልን ካብ በርኽ፡ ደሊና የማነ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ጽቡሎ ኢሎም።

ኣብ 400 ሜትሮ፡ ሱራፌኤል ምሕረትኣብን ህያብ ጌታሁንን ካብ ኣኽርያ፡ ሰለሙን ዳዊት ካብ ጉዳይፍ፡ ከምኡ’ውን ሆሳእና ተስፋኣለም - በርኽ፡ ፍትሓዊት ገብረብርሃን - ኣኽርያ፡ ሚለን ሚካኤል ካብ በርኽ ተዓዊቶም።



እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ብሰንኪ ዝናብ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታኦን ዘቋረጻ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ትሕቲ 15 ዓመት ኣብ ዘየደኦ ግጥም፡ ጸጸራት ንሰምበል 3-ብ1፡ በርኽ ንኣኽርያ 2-ብ1 ሰዒረንአን፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ደማ፡ ጉዳይፍ ንኣርባዕተ ኣስመራ 4-ብ0 ሰዒራታ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ዓርቢ ብኩዕሶ እግሪ ናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድሩ ብናይ ትሕቲ 13 ዓመት ክፍልም እዩ።

ውድድር ኣትሌቲክስ ከኣ፡ ሰሚ ሓሙስ ብዝተፈላለየ ርሕቀትን ዕድመን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክዝዘም ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።

## “ኢንፋንቲኖ፡ ክወጽእ ኣለዎ” ፊጎ

ሓደ ካብ ስሙያት ናይ ቀደም ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ - ሉዊስ ፊጎ፡ ፕረዚንደት ፊፋ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ካብ ስልጣኑ ክእለ ጸዊዑ።




ኢንፋንቲኖ፡ ድሕሪ ብርክታት ዋንጫ ዓለም ክልተኡ ጾታ ናብ ዕዳጋ ክወርድን ኣውፊርቲ ክውንንዎን ዘኽእል ሓሳብ ምቕራቡ፡ ብፌደረሽናት ዓለም፡ ብሓፈሻ ካብ ስድራቤት ናይዚ ዓውዲ፡ ዓቢ ተቓውሞ ከምዝበጠሞ ይዝከር። ወላ’ኳ መደብቱ ከምዝቋረጸ እንተገለጸ፡ ስልጣኑ ክለቅቕ ዝጽውዑ ወገናት ግና፡ እናበዝሑ ይመጽኡ ኣለዉ። ሓደ ካብኦም ከኣ፡ ካብ ጥቅምቲ 2017 ጀሚሩ ኣማኻሪ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ማለት ዩኤፋ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ፊጎ እዩ።

እዚ ፖርቱጋላዊ፡ “ካብ ዝረኣኽዎም እቲ ዝተሓተ፡ ዚያዳ ኢታላሊን ንናይ ውልቂ ረብሓ ዘቕድም ባህሪን” ክብል ንኣካይዳን ባህሪን ኢንፋንቲኖ ነቒፉ።

“ኢንፋንቲኖ ኑቲ ልዕል ክብሎ ቃል ዝኣተወሉ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ፊፋ ኣውሪድዎ እዩ። ሓሰዩ፡ ኢታሊሉ፡ ብዋጋ ናይቲ ከገልግሎ ዝግበኦ ጸወታ ናይ ገዛእ ርእሱ ቦታ ከመቻችእ ፈቲኑ’ዩ።” ወሲኹ - ኣብ ባርሴሎናን ሪያል ማድሪድን ተዘውሪ ግዜ ዘሕለፈ ፊጎ።

ብዘይካ’ዚ፡ ፊጎ “ብዘዕባ ጸገማት ፊፋ 10 ሽሕ ቃላት ምጸሓፍኩ። እንተኾነ እቲ ፍታሕ ሰለስተ ቃላት ጥራይ እዩ ዘድልዩ፡ ኢንፋንቲኖ ክወጽእ ኣለዎ።” ክብል፡ ካብ ስልጣኑ ክእለ ጸዊዑ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ንሓሳባት ፊፋ ኩሉ ሰብ ኺፈግዎ ማለት ኣይኮነን፤ ዛጊት ኮንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ማለት ካፍ፡ መርገጺኡ ኣየፍለጠን ዘሎ። ገለ ካብኦም ጸለውቲ ሰባት ናይቲ ኮንፌደረሽን’ውን፡ ንመደብት ፊፋ ዘድነቕዎ ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት። ሓደ ፍሉጥ ኤይሮፓዊ ጋዜጠኛ’ውን “ኢንፋንቲኖ፡ ብዘቕረቦ ብሉጽ ሓሳብ፡ ሽልማት ኖብል ይግብኦ እዩ።” ኢሉ ነይሩ። ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ ካልኦት ኣህጉራት፡ ኣብቲ ፊፋ ዝሀቦ ገንዘብ ዚያዳ ከምዝምርኮስ ይግለጽ።

## ማስታንቱኖ፡ ናብ ፊዮረንቲና ኣቕኒዑ

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ - ፍራንኮ ማስታንቱኖ፡ ብልቓሕ ናብ ኢጣልያዊት ክለብ ፊዮረንቲና ተሰጊሩ።

ዝሓለፈ ክረምቲ ብ45 ሚልዮን ዩሮ ካብ ሪቨር ፕለይት ናብ ሪያል ማድሪድ ዝተጸምበረ - ማስታንቱኖ፡ ሓደ ካብ ትስፉዋት መንእሰያት ተጻወትቲ ምዃኑ ይእመነሉ።

እንተኾነ ዝሓለፈ ወቕቲ (2025-26) ኣብዛ ስጳኛዊት ክለብ ጽልዋኡ ከርኢ ተጸጊሙ እዩ፣ ኣብ 23 ናይ ላ’ሊጋ ግጥማት ተሰሊፉ ሓንቲ ሸቶ ጥራይ ኣመዝጊቡ።

እዚ ይኹን እምበር፡ ገና ኣብ ንኡስ ዕድመ ብምህላዉ፡ ምስ ግዜ ንሊጋት ኤውሮጳ ለሚዱ፡ ኣብ ናይ ሃገሩ ሊግ ዘርኣዮ ቁመና ክደግም ትጽቢት ይግበር።

በዚ ደማ ማድሪድ፡ ንዚያዳ ናይ ምስኣፍ ዕድልን ተመክሮን ብልቓሕ ኣፋንዩቶ ኣሎ። እዚ ውሳነ’ዚ፡ ኺ ዝመጽእ 14 ነሓሰ 19 ዓመት ዝመልእ ኣርጀንቲናዊ፡ ኣብዚ ዘለዎ ንኡስ ዕድመ ንዕብየቱ ሓጋዚ ምዃኑ’ውን ይግመት።



## ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ክካየድ እዩ

ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ናይዚ ዓመት፡ ሰንበት 9 ነሓሰ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ክሳሰል ምዃኑ፡ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ሓቢሩ።

ኣብዚ ናይ 21 ኪሎሜተር ውድድር፡ ካብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዝመጽኡ ናይ ክልተኡ ጾታ ኣትሌታት ክሳተፉ እዮም።

ብዘይካ’ዚ፡ ናይ 5000 ሜትሮ ከምኡ’ውን ሓደ ማይል (1.6 ኪሎሜተር) ናይ ክልተኡ ጾታ ጉያ፡ ኣካል ናይዚ ሃገራዊ ውድድር እዮም።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ጋሽ ባርካ ከተማ ባረንቱ ምስልሳሉ ይዝከር።

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ፈሊሙ



ኣማሓር ዓሊ.

ስእሊ - ክብሮም ጸጋየ

ወሸጣዊ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ረቡዕ 5 ሓምለ ፈሊሙ።

ኣብቲ ዕለት ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሰ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ውድድር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምዕባለታት የርኢ ከምዘሎን እዚ ዕቤት’ዚ ከኣ መርኣያ ናይቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዓውደ ስፖርት ዝተዓደ ዘሎ ዝንፍ ወፍሪን ንጥፈታትን ምዃኑ ገሊጹ። ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኣካል ናይዚ ዝተፈላለየ ዓውድታት ስፖርት ዝሓዘ ንጥፈታት ብምዃን ደማ ብኣእምሮን ኣካላትን ተሃኒጾም ኣፍራይነቶም ከምዝዕብዩ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ስታፍ ሕጽጽን ሓበሬታን ሓይሊ ኣየር ሜጀር ኣማኑኤል ተስፋገርግስ ብወገኑ፡ እዚ ውድድር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት ከምዝካየድ ብምሕባር፡ ጹሓይ በርቂ፡ ሓለበት፡ ጸንዓት፡ ርኬት፡ ሕድሪ፡ ፈንቅል፡ ዊናን መሰረትን ዝጽውዓ ናይ ክልተኡ ጾታታት ሸሞንተ ጋንታታት ኣብ ኩዕሶ እግሪ፡ ሰከይትን መርብብ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኣትሌቲክስ፡ ቸዝ፡ ቢልያርዶን ጨምተ ተኸቲሲን ዝሳተፉ ንልዕሊ ወርሒን ክልተ ሰሙንን ክቕጽል መደብ ተታሒዙሉ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰራዊት ንምፍጣር፡ ዝወሰኖም ዕማማት ብኣድማዕነት ንኽፍጽሙ ኣካላውን ሞራላውን ድልዋት ምሕያል ከምኡ’ውን ዕቑር ዓቕሞምን ዝንባለኦም ንምልላይ መድረኽ ምፍጣር ምዃኑ ገሊጹ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንሓይሊ ኣየር ወኪላ እትወዳደር “ጋንታ ክንፊ” ዝምሙዙን ንሃገር ዘወክሉን ብቑዓት ስፖርተኛታት ንምፍራይ ምዃኑ’ውን ሓቢሩ።

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ጋንታታት ንህዝቢን ልምዓትን ምሕዝነታዊ ግጥም ኣካይደን።

## ሳላሕ፡ ናብ ትራብዞንስፖር ተጸምቢሩ



ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ሊቨርፑል ዝተፋነወ - ሞሓመድ ሳላሕ፡ ናብ ቱርካዊት ክለብ ትራብዞንስፖር ተጸምቢሩ።

ሳላሕ፡ ምስ ሊቨርፑል ክሳብ ሰነ 2027 ዝጸንሕ ውዕል ብናይ ሓባር ምርድዳእ ድሕሪ ምፍራሱ፡ ውዕል ኣልቦ እዩ ጸኒሑ። ወላ’ኳ ብዙሓት ክለባት ከምዝብህግኦ ይግለጽ እንተነበረ፡ ዚያዳ ግና፡ ቱርካዊት ክለብ በሽኪታሽ ኩተፈርሞ እያ ክበሃል ቀንዩ።

ይኹን እምበር፡ ካልእ ቱርካዊት ክለብ ትራብዞንስፖር፡ ትማሊ ብናጻ ሓዲሽ ኣባላ ከምዝገበረቶ ወግዓዊ ገይራ። ትማሊ ረቡዕ ማሊያ ናይዛ ክለብ ለቢሱ ናብታ ሃገር ኣብ ዝኣተወሉ ከኣ፡ ብደገፍታ ዓቢ ናይ ምቕባል ስነ ስርዓት ተገይሩሉ።

ናብ ክልተ ዓመታት ውዕል ዝፈረም ወዲ 34 ዓመት - ሳላሕ፡ ዓመታዊ 17 ሚልዮን ዩሮ ክኽፈል ምዃኑ ይግለጽ፣ ናይ ሊግ ቱርኪ ዝለዓለ ተኸፋሊ ደማ የጸውዮ። ኣብ ሊቨርፑል ቁጽሪ 11 ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ከኣ፡ 10 ዝለብስ ዝነበረ እዚ ግብጻዊ ብሉጽ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብዛ ጋንታ ቁጽሪ 61 ማልያ ክለብስ እዩ። እዛ ቁጽሪ፡ ወግዓዊት ታርጋ ተሽከርከርቲ ናይታ ከተማን ብደገፍቲ ከም ምልክት ናይቲ ከባቢን ትሕሰብ እያ። ደገፍቲ ናይዛ ጋንታ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ፡ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ዓቢ ናይ ጾንበል ኣገባብ’ውን የካይዱ እዮም።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሰ/ኮርያ፡ ኣሃዱ ሚሳይል ናብ ሩስያ ትልእኽ

ሓደ ኣሃዱ ሚሳይል ሰሜን ኮርያ ናብ ምዕራብ ሩስያ ክዋፈር ጀሚሩ ከም ዘሎ፡ ሓደ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ዩክሬን ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ እቲ ኣሃዱ፡ ኣንጻር ዩክሬን ኣብ ዝካየድ ሓደሽቲ ስርሒት ዝሳተፍ ኮይኑ፡ 120 ባለስቲካዊ ሚሳይላትን ሸዱሽተ መወንጨፊታትን ዝዓጠቐ ክኸውን ከም ዝኽእል ሓቢሩ።

ዩክሬን፡ ሕጽረት ልዑል ደረጃ ብቕዓት ዘውንን ስርዓት ሚሳይል ከም ዘለዋ፡ ሩስያ ድማ ተወሰኽቲ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ብምውዳድ ንድኻም ዩክሬን ክትምዝምዞ ትፍትን ከም ዘላ'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ሩስያ፡ ካብ መውዳእታ 2023 ጀሚራ ካብ ሰሜን ኮርያ ዝተላኣኸላ ሓያሎ ባለስቲካዊ



ሚሳይላት ናብ ዩክሬን ክትውንጭፍ ምጽንሓ ዝገለጹ እኳ እንተኾኑ ምውፋር ኣሃዱ ሚሳይል ሰሜን ኮርያ ናብ መሬት ግን ነቲ ድሮ ኣብ መንጎአን ተፈጢሩ ዘሎ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ዝያዳ ከዕብዮ ከም ዝኽእል ይግለጽ።

ይኹን'ምበር፡ ሰሜን ኮርያውያን ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታት ሩስያ ክሀልዎም ዝኽእል ተራ ብንጹር ኣይተፈልጠን ዘሎ።

ሩስያ፡ ኣብ ጉድኒ ሓይልታታ ተሰሊፎም ኣንጻር ዩክሬን ዝዋግኡ ተወሰኽቲ 30 ሽሕ ወተሃደራት ሰሜን ኮርያ ክትቕበል ከም እትደሊ፡ ንምቕባሎም ኣብ ዞባ ሾርግዝ ምድላዋት ተኻይዱ ከም ዘሎ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

## ሕ/ኤውሮጳ፡ ንዩክሬን ፊናንስያዊ ሓገዝ ይህብ

ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ዝደስከለ ፊናንሲያዊ ሕሳብ መንግስቲ ሩሲያ ዝተረኽበ 1.4 ቢልዮን ዩሮ (1.6 ቢልዮን ዶላር) ንዩክሬን ንምሕጋዝ ክጥቀመሉ ምዃኑ፡ ኮሚሽን ናይቲ ሕብረት ገሊጹ።

እቲ ካብ ወለድ ዝተረኽበን ብ3 ነሓሰ ናብ ሕሳብ ናይ'ቲ ሕብረት ዝተሰጋገረን ገንዘብ፡ ዋንኡት ናይ'ቲ ድሕሪ ኩናት ዩክሬን ብሕብረት ኤውሮጳ ዝደስከለ ሕሳባት ማእከላይ ባንክ ሩሲያ ምዃኑ፡ እቲ ኮሚሽን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ኮሚሽን ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮን ደር ሌየን ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ "ሩሲያ፡ በቲ ኣብ ዩክሬን ዘውረደቶ ዕንወት ክትቃጻዕ ስለ ዘለዋ፡ ንሕና ካብ'ቲ ዘይንቀሳቐስ ፊናንሲያዊ ሕሳባታ ዝረኸብናዮ ኣታዊ ግቡእ ዋጋ ትኸፍል ከም ዘላ ንምርግጋጽ ንጥቀመሉ ኣለና" ኢላ።

ንሳ ወሲኻ፡ "ተወሳኺ 1.4 ቢልዮን ዩሮ ንዩክሬን ነረክብ ኣለና። እዚ ድማ፡ ተቓውሞ ዩክሬን ኣንጻር ሩሲያ ንኸበቕዕ ክሕግዞ " ክትብል ኣብሪሃ።



## ኣፍሪቃ - ሰብ ሰርሖ ብልሒ ቀንዲ መሳርሒ ገበናት ይኸውን

ኣብ 2025 ኣብ መላእ ኣፍሪቃ መርመራ ካብ ዝተኻየደሎም ናይ ሳይበር ገበናት፡ ልዕሊ ፍርቂ ብሓገዝ ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ (ሰብ ሰርሖ ብልሒ) ከም ዝተፈጸሙ፡ ኣህጉራዊ ትካል ፖሊስ (ኢንተርፖል) ገሊጹ።

ኣብ 36 ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ ዝርከቡ ኣኸባርቲ ሕጊ ዝተረኽበ ጸብጻብ 'ሳይበራዊ ገበናት ኣፍሪቃ 2026' ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ 2025 ካብ ዝተመርመሩ ናይ ሳይበር ገበናት፡ እቶም 55 ሚእታዊት ብደገፍ ኤይ.ኣይ ዝተፈጸሙ እዮም።

በዚ ድማ፡ ምስ ገበናት ሳይበር ዝተኣሳሰር ጸብጻብ ፋይናንሳዊ ክሳራታት ናይ'ዛ ኣህጉር፡ ኣብ 2024 ካብ ዝነበረ ናይ 192 ሚልዮን ዶላር ክሳራ ናብ 484 ሚልዮን ዶላር ደይቡ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ገበነኛታት ብቐሊሉ ዘይፍለጡ ስእላት ቪድዮታትን ቅዱሓት ድምጽን ንምፍራይን ንፋይናንሳዊ ምትላል ዝሕግዝ ሓቀኛ ዘይኮነ መንነት ንምፍጣርን ኤይ.ኣይ ይጥቀሙ ኣለው።

ብተወሳኺ፡ ኣብ 2025 ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ኣስታት 600 ሽሕ ገበናት ጾታዊ ምዝመዛ ከም ዝተፈጸመ ዝገምት ኮይኑ፡ ካብ'ተን ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፋ ሃገራት እተን ብበዝሒ ምትላል ዝተፈጸመለን ኣብ ደቡባውን ምዕራብን ኣፍሪቃ ዝርከባ ምዃነን ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ዝርከቡ መንግስታት፡ ገበናት ሳይበር ንምክልኻል ይንቀሳቐሱ ከም ዘለዉ ዝሓበረ'ቲ ጸብጻብ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ኬንያ ብኤይ.ኣይ ንዝመጽእ ስግኣታት ንምውጋድ፡ ንሕጊ ገበናት ሳይበር ከተመሓይሾ መደብ ከም ዘለዋ ኣፍሊጣ ነይራ።

ደቡብ ኣፍሪቃ ብወገና፡ ብሓገዝ ኤይ.ኣይ ዝካየድ መጥቃዕቲ ሓደሽቲ ናይ ጸጥታ ብድሆታት ይፈጥር ምህላዉ ዘመልክት ኣህጉራዊ መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፉ ምንባራ ይዝከር።

መንግስቲ ሰኔጋል እውን ንህጻናት ዝጸሉ ገበናት ሳይበር ንምክልኻል፡ ቀጥታዊ ናይ ጸብጻብ መድረኽ ከም ዘጠቕለለ ይፍለጥ።




## ዲፕሎማስያዊ ርክብ ብራዚልን ኣርጀንቲናን ይዝሕትል

መንግስቲ ብራዚል፡ ምስ ኣርጀርንቲና ዝለዎ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከም ዘውረዶ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣፍሊጡ።

እቲ መንግስቲ፡ ፕረዚደንት ኣርጀንቲና ጃቪየር ሚለይ ኣብ ልዕሊ ብራዚላዊ መዘናኡ ሉላ ዳ ሲልቫ ድሕሪ ዘውረዶ ዘለፋ እዩ ኣምባሳደሩ ካብ'ታ ሃገር ንዘርከቡ ዲፕሎማሰኛታቱ ከም ዝኽእሎም ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ ታሪኽ ክልተአን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ከም'ዚ ዓይነት ስጉምቲ ክውሰድ እዚ ንፈለማ እዋን እዩ።

ኣፈኛ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ ብራዚል ንኣሶሴይትድ ፕረስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ሚለይ ካብ ዝሓለፈ ሰንበት ጀሚሩ ንፕረዚደንት ሉላ ሰለስተ ግዜ "ሰራቒ" ክብል ከም ዝዘለፎ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝመጽእ ጥቅምቲ ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክወዳደር ሕጹይ ኮይኑ ዝለዎ ፍላቪዮ ቦልሶናሮ (ወዲ ንፕረዚደንት ነበር ጃይር ቦልሶናሮ) ንምድጋፍ ብ25 ሓምለ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ከተማ ሳኦ ፓውሎ ኣብ ዝተኻየደ ፖለቲካዊ መደብ'ውን፡ ፕረዚደንት ሚለይ ንፕረዚደንት ሉላ ብትሪ ነቒፉዎ ነይሩ እዩ።

በዚ ድማ፡ ፕረዚደንት ሉላ ኣብ ጽባሕ ናይ'ቲ ካብ ፕረዚደንት ሚለይ ዝወረዶ ዘለፋ፡ ንኣምባሳደር ሃገሩ ኣብ ኣርጀንቲና ከም ዝሰሓቦ ይፍለጥ።





## ህንዲ - ሓደጋታት ዕልቕልቕ ሰባዊ ክሳራ ኣውሪዱ

ኣብ ህንዲ ካብ ዝሓለፈ ሓምለ ጀሚሩ ብዘወቅዕ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ዘኸተሎ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ምህማም መሬትን ተመራመርቲ ስዑፍልጠት ዝገልጹ።

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ህንዲ እትርከብ ግዝኣት ኣሳም፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣዝዩን



ዛጊት ልዕሊ 100 ሰባት ከም ዝሞቱ ወግዓዊ ጸብጻባት ናይታ ሃገር ትማሊ ረቡዕ ኣመልኪቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋታት ብኣሽሓት ዝግመቱ ነበርቲ ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ከም ዘለዉ፡ እቶም ጸብጻባት ሓቢሮም።

ብደረጃ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣብ መላእ ደቡባዊ ክፋል ኤሲያ ዘይንቡርን ኣቐዲምካ ክግመት ዘይከኣልን ኩነታት ፈጢሩ ከም ዘሎ እዮም ካብ ዝተሃስየ ክፍለ ሃገራት ኮይና፡ ኣብ'ታ ግዝኣት ብውሑዱ 87 ሰባት ከም ዝሞቱ ይሕበር።

ኣብ ኣውራጃ ሲቫሳጋር እውን ሓያሎ ከባቢታት ብማይ ስለ ዝዕለቕለቓ፡ ኣስታት 47 ሰባት ከም ዝሞቱ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

በዚ ድማ፡ ሰብ ስልጣን ዝተፈላለያ ግዝኣታት ህንዲ፡ ዝካየድ ዘሎ ህይወት ናይ ምድሓን ሰብኣዊ ረድኤት ናይ ምቕራብ ጻዕርታት ንምዕዋት፡ ካብ ህዝቢ ገንዘባዊ ሓገዝ ክዋጸኦ ጻውዒት ኣቕሪቦም ኣለው።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 06/08/2026 | ጎደና 176-3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565